# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 206 | 25 መጋቢት 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

2014 ሰሉስ

ገጽ 3 ብሪጣንያ - ደቂ ንገስ መለኮት ዶ ሰብ?



ገጽ 4 ቁልዑ ጥዑያት ኩይናም ንኽዕብዩን ንኽምሃሩን


ገጽ 5 ኮሎኔል ሚካኤል - “ኣቦ መካዘኑትን ተወፋይትን”



ገጽ 10 ክሊንት ኢስትዉድ



ገጽ 11 ላ ሊጋ ተጀሚሩ



# ጸንብል መበል 30 ዓመት ዝኽሪ ምድምሳስ ‘ውቃው እዝ’ ተዛዚሙ

“ሳሕል ከም ሃገር፡ ህዝባዊ ግንባር ከም መንግስቲ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 21 ክሳብ 23 መጋቢት ኣብ እማህሚመ ክካየድ ዝቐነየ ጸንብል ዝኽሪ 30 ዓመት ምድምሳስ ‘ውቃው እዝ’ ተዛዚሙ።

ኣብቲ ብዝተፈላለየ መደባት ዝማዕረገ ጸንብል፡ ካብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝመጹ ዜጋታት፡ ኣባላት ናይተን ኣብ ምድምሳስ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝተሳተፋ ኣሃዱታት፡ ከምኡ’ውን ኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ሱዳን ብእኩብ ተሳቲፎም።

መደባት ጸንብል ዝኽሪ 30 ዓመት ምድምሳስ ‘ውቃው እዝ’፡ ምእካብ ኣስከሬን ሰማእታትን ኣብ ናይ ክብሪ ቦታኡ ምዕራፍን፡ ውድድር ኣግማል፡ ስእላዊ ምርኢታት፡ ቁሸት ምምሕዳራት ከባቢን ካርኒቫል ምምሕዳራት ከባቢን ትካላትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

‘ውቃው እዝ’፡ ሓደ ካብቶም ንሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምድምሳስ እልቢ ዘይብሉ ኣጽዋርን ሰራዊትን ዓጢቑ ንኣስታት 5 ዓመታት ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዓስኪሩ ዝነበረ ሰራዊት መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ኮይኑ፡ ካብ 19 ክሳብ 21 መጋቢት 1984 ብዝተኻየደ መጥቃዕቲ’ዩ ተደምሲሱ።



# ዓለም በጺሓቶ ዘላ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ኣብ ረቡሓ ሃገር ንኽውዕል ሓያል ጻዕሪ መንእሰያት ከም ዘሎ ዝሓትት መዘኻኸሪ ቀሪቡ

መንእሰያት ኑቲ ዓለም በጺሓቶ ዘላ ምዕቡል ቴክኖሎጂ ተገዚበም ተውዓደርቲን ቀለስቲ ሃገርን ክኾኑ ሓያል ጻዕሪ ክካይዱ ከምዝኾቦእ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣብቲ ንሳይንስን ቴክኖሎጅን ጽልዋታቱን ዝምልከት ንተማሃሮ ኮለጅ ሓመልማሎ ዝተኻየደ ሰሚናር ሓላፊት ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ መንእሰይ ሰላም ተኽለማርያም ኣብ ዝሃቦቶ መብርሂ፡ ምዕቡል ቴክኖሎጂ ኣብ ማሕበረ ቁጠባዊ ዕብየት ዘይሃዓቕ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ጠቒሳ፡ ተመሃሮ ደፋእቲ ሓይሊ ምዕባለ ናይ ሓንቲ ሃገር ከም ምኳኖም መጠን እኹል ፍልጠትን ትምህርትን ሞያን ደሊቦም ኣብ ረቡሓ ህዝቦምን መንግስትን ከውዕልዎ እዋኑ ዝጠልቦ ጉዳይ ምኳኑ ሓቢሩ።

መንእሰያት ኣብ ኢንተርነት ዘድልዮም ንምዕባሎኦምን ትምህርቶምን ኣብ ዝሕግዞም ኣተኩሮም ክጥቀምሉ እምበር፡ ኣብ ዘየርብሖም ብምድሃብ ግዜኦም ኣብ ዘይከውን ካብ ምጥፋእ ክቑጠቡን ባህልን ስነ-ምግባርን ሕብረተ-ሰቦም ብምዕቃብ ሃገር ምምዕባል ሓላፍነት ኣብ እንግድዓኦም ምኳኑ ክፍገዝቡን ኣተሓሳሰበ።

ሓላፊ ምክትታል ጉዳያት ተመሃሮ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ መምህር ሰለሙን ተስፋይ ብወገኑ፡ ሎሚ ኮለጃት ኤርትራ ግብራዊ ትምህርቲ ምስ ቴክኖሎጂ ዝኸይድ ተባላሓትቶት መንእሰያት ንምዕባይ ካብቲ ቀዳምነት ተሰሪዑ ዘሎ መደብ ምኳኑ ብምብራህ፡ መንእሰያት ዝተማህዞ ምህዞ ኣብ ምድናቕ ከተሓጽሩ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም ናይ ገዛእ ርእሶም ስርሖት ክሰርሑ ብምምኻር፡ ኮለጅ ሓመልማሎ ጠለባትን ተመሃሮ ኣብ ቴክኖሎጂ ንምምላስ ከምዝጽዕር ኣብሪሁ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ ዓውዲ ቴክኖሎጂ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ኣምጺእዎ ዘሎ ለውጥን ብተገዳስነት ይከታተልዎ ምህላዎምን ክሰርሑሉ’ውን ከምዝጽዕሩን ብምምልካት፡ ኑቲ ሰራሒ ዘሐይል ፋናንሳዊ ሓገዛት ከምኡ’ውን ምትብባዕ ክግበረሎም ተላብዮም።

# እቶታውነት ሕርሻኦም ንምብርካት ሓያል ጻዕሪ ይገብሩ ከምዘለዉ ሽርቲ 6 ዓድታት ከባቢ ዓዲ-ፋካይ ሓቢሮም

እቶታውነት ሕርሻኦም ንምብርካት ሓያል ማሕበራዊ ንጥፈታት የካይዱ ከምዘለዉ፡ ሽርቲ 6 ዓድታት ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ፋካይ - ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ሓቢሮም።

እቶም ሽርቲ ንኤረና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ውሕስነት መግቢ ንምውሓስን መሬት ብፍግረ መሬት ተባሕጉጉ ንኸይከይድን ኣብ ምስራሕ ክትርታትን ዛላታትን ዘተኮረ ማሕበራዊ ንጥፈታት የሰላስሉ ብምህላዎም፡ ጥብ ዝበለት ማይ ተዓቂቡ መሬቶም ብርኽት ምህርቲ ክሁብሉ ዘለዎም እምነት ገሊጾም።

ካብ ሽርቲ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ፋካይ ኣቶ ኣደም ሳልሕ ዑስማንን ኣቶ ዘርእዝጊ በራኺን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ማሕበራዊ ንጥፈታት ካብ ወርሒ ጥሪ ከም ዝጀመረን ውዳበን ተወፋይነትን ህዝቢ ዝሓደ ምኳኑ ኣብሪሆም።

ወይዘሮ ኣምና ኣደም ሸፋን ወይዘሮ ሓዋ መሓመድ እድሪስን ብዝሃብኦ፡ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዋት ኣበርክቶን ደሰርሓ ከም ዘለዋ ብምሕባር፡ ተሳቲፎ ሽርቲ 6 ዓድታት ብሓፈሻ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ዝለኣደ ምኳኑ ብምምልካት፡ እቲ ማሕበራት ክሳብ እዋን ክረምቲ ብዝለዓለ ክቐጽል መደብ ከምዘለወን ሓቢረን።

ኣማሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ፋካይ ኣቶ ኣደም ሰዒዳይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሽርቲ 6 ዓድታት ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ፋካይ ብጕንታትት ማሕበራት ተወዲቦም ኣብ ሰሙን 5 መዓልታት ይወፍሩ ከምዘለዉን ካብ ልዕሊ 50 ሄክታር መሬት ከምዝተለየን ዝጀረፉን ኣረዲኡ።

# ኣብ ኣስመራ - ከባቢ ቤት-ገርግሽ ተደኲኑ ዘርከብ መደበር ፈልሲ፡ ጠለባት ህዝቢ ንምዕጋብ ጻዕርታት ይግበር ከም ዘሎ ተገሊጹ


ብ ናዝሬት በየነ

ኣብ ኣስመራ - ከባቢ ቤት-ገርግሽ ተደኲኑ ዘርከብ መደበር ፈልሲ ዓሰብ፡ ጠለባት ህዝቢ ንምዕጋብ ሓያል ጻዕሪ ይገብር ከምዘሎ፡ ወናኒ ናይቲ ትካል ኣቶ ተወልደብርሃን ዘወልዲ ገሊጹ።

ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቶ ተወልደብርሃን፡ ነቲ መደበር ፈልሲ ቅድሚ 9 ዓመታት ከምዝጀመሮን ኣብዚ እዋን'ዚ ዝተፈላለየ ዓይነታት ፈልሲ የፍሪ ከምዘሎን ሓቢሩ።

እቲ መደበር - ኣብ ፍርቂ ሄክታር ኣስታት 600 ዓይነታት ፈልሲ ከምዘለዎ ዝገለጸ መንእሰይ ዳዊት ተወልደብርሃን ብግደኡ፡ ተኽሊ ዘድልዮ ነገራት እንተማሊእካሉ ኪንዮ'ቲ ዝህቦ ግርማ፡ ፍረ ጻማኻ ከም ዘፈድየካ ብምምልካት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻን ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ንዝገበሩሉም ምትብባዕ ኣመስጊኑ።

ካብ ዓማዊል ናይቲ ትካል ክኢላ ስነ-ኣትክልትን ኣሕምልትን መንእሰይ ዳኒኤል ስዒድ ብወገኑ፡ ተኽሊ ከም ህጻን ጽቡቕ ምክትታልን ናብዮትን ከምዘድልዮ ጠቒሱ። ባህሊ ምግራብ ኣብ ሃገርና እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ከምዚ ዝበለ ናይ ፈልሲ ቦታ ምህላዉ ኣገዳሲ ምዃኑ ብምምልካት፡ ዚያዳ ክምዕብልን ክሰፍሕን ከምዘለዎ ኣስሚሩሉ።

# መንእሰያት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ትምህርቲ ዕድላቶም ብግቡእ ክጥቀምሉ ኣቦ መንበር ሃግመተኤ ኣዘኻኺሩ

መንግስቲ በብእዋኑ ዝተፋላለየ ትካላት ትምህርቲ ብምኽፋት ምሁር ሕብረተሰብ ንምፍራይ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ሓያል ጻዕሪ፡ መንእሰያት ብሓፈሻ ተማሃሮ ድማ ብፍላይ ናይ ትምህርቲ ዕድላቶም ብግቡእ ክጥቀምሉ ኣቦ-መንበር ሃግመተኤ መንእሰይ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ከተማታት ናቕፋን ኣፍዓበትን ምስ ተማሃሮ ኣብ ዘካየዶ ሰሚናር ኣዘኻኺሩ።

መንእሰይ ሳልሕ፡ ብዛዕባ ድሕሪ ባይታ'ቲ ማሕበርን ኣብ ዝሓለፈ 36 ዓመታት ዘሰላሰሎም ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ መንእሰያት እምነ ኩርናዕ ኩሉ ምዕባለታት ብምዃኖም፡ ንመንነትን ዕላማታት'ቲ ማሕበር ብግቡእ ተገንዚቦም ክዋስኡ ጸዊዑ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ መኸተን ልምዓትን ንምርግጋጽን ካብ መደባት ዓመተ 2014 ናይ'ቲ ማሕበር ምዃኑ ብምሕባር፡ ንኹሎም መንእሰያት ብሓፈሻ ኣባላት'ቲ ማሕበር ከኣ ብፍላይ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ንኽሕይሉ ዝሕግዝ ዝተፋላለዩ መደባት ተሓንጺጾም ከምዘለው ኣረዲኡ።

ተሳተፍቲ ብግደኦም፡ ንቕሓትን ኣፍልጦ መንእሰያት ንምብራኽ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ብዝሓየለ ክድፍኣሉ ከምኡ'ውን ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ኮምፒዩተራት ንምትእትታው ጻዕሪታት ክካየድ ተማሕጺኖም።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ከተማ ባጽዕ ንተማሃሮ ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ሓላፊ ምክልኻል ገበን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ-ባሕሪ ለተናል ኮለኔል ሃብተጼን ጸሃየ፡ ንመንእሰያት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ገበናት ቅድሚ ምፍጻሞም ንምክልኻሎም ኣፍልጦ መንእሰያት ብዛዕባ ሕጊ ክብርኽ ከምዝግባእ ኣረዲኡ።

ካብ ተሳተፍቲ ተማሃሮ ወሓዚት ሸማንጉሰን ፋኒኤል ተኽለዝግን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ገበን ንዘፈጽሙ ዝወሃብ ፍርዲ ተሪር ክኸውን፡ ሕብረተ-ሰብ መንእሰያት ኣብ ምምእዛን ክነጥፍን ኣብ ምክልኻል ገበን ኣበርክቶኡ ክሓይልን ተላብዮም።


## መዓልታዊት ጋዜጣ


### ኣሰናዳኢ
ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

### ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

### ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 125394-08204224

### ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

### ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ
ዮሃንስ ሃይለ
ምስጋና ተዓገስ




# ብሪጣንያ - ደቂ ንጉስ መለኮት ዶ ሰጋ ለበስ?

ኢ.ንጂ. ርስቶም በረኸት

ብሪጣንያ ሓንቲ ካብተን ንጉሳዊ ስርዓት ዘለወን ሃገራት'ያ። እዚ ንጉሳዊ ስርዓት፡ ናይ ኣማኢት ዓመታት ታሪኽ ኣለዎ። ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወርሰ ድማ፡ ክሳብ ሕጂ ይቕጽል ኣሎ። ንግስቲ ኤልሳቤጥ ካልኣይቲ፡ ኣብዚ እዋን ዘሎ ዘውዲ ንግስነት ብሪጣንያ ዝድይብ መንግስቲ ዘይሃዳቕ ጽልዋ ኣለዎ። ብወርሻ ዝመጽእ ንግስነት፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ስርዓተ-ቕዋምን ቤት ምኽርን ኣለዎ። በዚ ድማ፡ ኑቶም ካቢነ ሚኒስተራት ከይሰኣሉ፡ ሓደስቲ ሕግታት ክሰደፍን ወሳኒታት መንግስቲ ክቕይርን ይኽእል'ዩ። ብጽልዋ



ደፊኣ ዘሎ'ያ። ንሳ ካብ ኣቦኣ ንጉስ ጆርጅ ሻዱሻይ ንግስነት ካብ ትርከብ 62 ዓመታት ኣቑጺራ ኣላ። ኣብ 2015 ከኣ ንበኽሪ ወዳ ልኡል ቻርለስ ኣኽሊል ንግስነት ክተረክቦ'ያ። ንግስቲ ኤልሳቤጥ ናይ ብሪጣንያ ንግስቲ ጥራይ ኣይኮነትን፤ ናይ ካናዳ፡ ሰሜን ኣየርላንድ፡ ኣውስትራልያ፡ ኒውዚላንድ፡ ጃማይካ፡ ባርባዶስ፡ ባሃማ...'ውን እያ። ብሪጣንያውያን ንስርዓተ ንግስነት ንዝዊሕ ዓመታት ብድርኺት ማዕከናት ዜናን ካልእን ተቐቢሎሞ'ዮም ክቕጽሉ ጸኒሖም። ካብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ንደሓር ግን፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ተቓውሞኦም ብዓውታ ከስምዑን እቲ ብሰንኪ ማዕከናት ዜና ንናይ ምምዛዞን ክእለቶም ጎልቢቡዎም ዝጸንሐ ሓቅታት ክፈልጡዎን ጀሚሮም ኣለዉ።

ኣብ ልዕሊ ህላወ ንጉሳዊ ቤተሰብ ብሪጣንያ ዘይዕግቡቶም ዝገልጹ ብሪጣንያውያን ካብ ዘልዕልዎ ሕቶ ሓደ፤ ጉዳይ ደሞክራሲ'ዩ። ኣብ ብሪጣንያ ኣባል ንጉሳዊ ቤተሰብ ኳንካ ስለዘይተፈጠርካ ጥራይ እትረኽቦ ሓለፋን ስልጣንን ደረት ኣልቦ'ዩ። ንግስነት ብሪጣንያ መራሒ መንግስቲ'ዩ። ከም ዝንገረሉ ድማ ስመዊ'ምበር፡ ኣብ መንግስታዊ ውሳኔታት ዝኾነ ሓይሊ ዘይብሉ ጸምብላዊ'ዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ “ብህዝባዊ ምርጫ” ኣብ ስልጣን ንግስነት ብሪጣንያ ዝሓልፍ ውሳኔ ሓደ ሓደ እዋን ካቢነ ሚኒስተራት'ውን ዝፈልጡዎ ኣይኮኑን። ኣብ ዕጹው ማዕጾ ዝውድኣሉ ግዜ ከኣ ኣሎ። ብዙሓት ብሪጣንያውያን ከኣ ነዚ'ዮም ዝቃወሙ።

ሓደ ኣባል ንጉሳዊ ቤተሰብ ዝፍጽሞ ምሕቡላቱን ክንክንን እጹብ ግሩም ዘብል'ዩ። ከም ዝኾነ ካልእ ዜጋ ብገበን ተኸሲሱ ኣብ ቤት ፍርዲ ንኸይቀርብን ከይቕጻዕን ዝከላኸሉ ሕጊ ኣሎ። እዚ ንማዕርነት ዜጋታት ዝጻረር ተግባር ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ንመሰረታዊ ኣምር ደሞክራሲ'ውን ዝረግጽ'ዩ። ንግስነት ብሪጣንያ ኣብ ፖለቲካውን ቁጠባውን'ታ ሃገር ጽልዋ ዘይብሉ መሲሉ ዝርአ'ኳ እንተኾኑ፡ ብግብሪ ግን ገዚፍ ሓይሊ'ዩ ዘለዎ። ንዲፕሎማስያዊ ረብሓኡን ካልእ ሕቡእ ኣጀንዳታቱን ብዘጥዕም መንገዲ፡ ብሕርያ ህዝቢ ንዝቖመ መንግስቲ ይዝውር። “ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ኣብ ዝኾነት ደሞክራሲያዊት'የ እትብል ሃገር ቦታ ክህልዎ ኣይምተገብኣን። ብፍላይ ድማ ነታ ደሞክራሲ ንምንጋስ እኣጥፍ'የ እትብል ብሪጣንያ ሕንከት'ዩ” ክኣ ትብል ፕሮፈሰር ባርባራ ሄር ዝተባህለት ኣብ ዩኒቨርሲቲ ካምብሪጅ መምህር ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት።

ንግስነት ብሪጣንያ ብግሁድ ደኣ ኣይኹን'ምበር ሳዕለምት ሓለፍቲ መንግስትን መራሕቲ ሃይማኖትን ናይ ምቕያር ስልጣን ኣለዎ። ስምምዓት ይኹትም፡ ናብ ኩናት ዘእቱ ውሳኔታት'ውን ከይተረፈ ክውስን ይኽእል'ዩ። እዚ ንግስነት'ዚ ዋላ ድኣ ቀጥታዊ ተጻዋዕነት ኣይሃልዎ'ምበር፡ ከም ዝለዓለ ሓላፊ ሰራዊት'ታ ሃገር'ውን ይርአ'ዩ። ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ዚ ንጉሳዊ ቤተሰብ'ዚ ከይተወከሰን ከየማኸረን ኣብ ልዕሊ ዝኾነት ሃገር ኩናት ክኸፍት ዘይሕሰብ ምዃኑ ከኣ ፕሮፈሰር ባርባራ ሄር ተተሓሳስቡ።

ስምዕታ ብሪጣንያውያን ኣብ ምቡላት ስልጣን ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን። ብኣባላት ንጉሳዊ ቤተሰብ ዝጠፍእ ማእለያ ዘይብሉ ገንዘቦም'ውን ሓደ ካብ ሕማቕ ስምዒታት ዝፈጠረሎምን ዘቖጥዕሎምን'ዩ። ኣባላት ንጉሳዊ ቤተሰብ ብሪጣንያ ኣብ ዓመት ኣስታት 340 ሚልዮን ኤውሮ ወጻኢታት ይገብረሎም። እዚ፡ እንተላይ'ቶም ድኻታት ብሪጣንያውያን ንዝኸፍሉዎ ግብርን ቀረጽን ዘጠቓልል፡ ካብ ካዝና መንግስቲ ዝኽፈል ገንዘብ ህዝቢ'ዩ። እዚ ገዚፍ መጠን ገንዘብ፡ ንጸጥታዊ ውሕስነት፡ መጓዓዝያ፡ ዝተፈላለዩ ጽገናታት ከምኡ'ውን ንዝዕደሙ መራሕቲ ንዝግበር ክብሪ ድግስን ጸምብላትን ወጻኢታት ኣየጠቓልልን'ዩ። ብኣሽሓት ናይ ዝቑጸሩ ብሪጣንያውያን መማህራን፡ ሓካይም፡ ፖሊስን ሰራሕተኛታትን መጥፋእቲ ሓዊን ዓመታዊ መሃያ ድማ ክሸፍን ምኽኣለ። ኣብ ብሪጣንያ ብሓጺሩ ካብ ንጉሳዊ ስድራቤት ምውላድ ማለት ከይርሃጽካን ከይምሓሰካን ገንዘብ ህዙበን መንግስትን ክትቀርጥም ዝተዓደልካ መለኮት ኢኻ ማለት'ዩ። ኣባላት ንጉሳዊ ቤተሰብ ብሪጣንያ ብፖሊስ ክምርመሩ ይኹን ብቐረባ ሓበሬታ ንህዝቢ ንኸይህቡ ዝከላኸል ሕጊ ኣለዎም። ሚኒስተራት ዘይንብሮ ወጻኢታት ክገብሩ ከለዉ መዛረቢ ማዕከናት ዜና'የም ዝኾኑ፤ ንጉሳዊ ቤተሰብ ግን ዝተጋሕ መጠን ገንዘብ ኣብ ዘይረብሕ ነገራት እንተወዓሉ'ውን እቲ ሓበሬታ ንግዳም ክወጽእ ኣይድለን። ማዕከናት ዜና ብሪጣንያ ብፍላይ፡ ኣህጉራውያን ማዕከናት ዜና ድማ ብሓፈሻ ንንጉሳዊ ቤተሰብ ናይ ምሕቡላቶን ከም ጽቡቕ ባህሊ ብሪጣንያ ኮይኖም ከምዘጉላዕልዑ ናይ ምግባርን ዝዓለመ ስውር ኣጀንዳ ስለዘለወን፡ ኣባላት ንጉሳዊ ቤተሰብ ንዝገብሩዎ ፈራዕፈራዕ ክንዲ ዝቓቕፍኦ ኩሓሕለን ስለዘቕርብኦ፡ ንብዙሓት ብሪጣንያውያን ንንጉሳውያን ቤተሰብ ከምዝቐበሉዎምን ብኣኦቶም ከምዝመሰጡን ክገብራ ጸኒሐን'የን። “ህዝቢ ብሪጣንያ ኣብ ንጉሳዊ ቤተሰብ ዘለዎ ኣኽብሮት ልዑል'ዩ” ተባሂሉ ዝዝረበሉ ድማ፡ ብሰንኪ'ዘን ኣህጉራውያን ማዕከናት ዜና ዘቕርብኦ ዝተኸሓሓለ ሓበሬታ ምዃኑ'ዩ ዝነገር። ብኣንጻር ናይቶም ኑቲ ንጉሳዊ ቤተሰብ ተቐቢሎም ዝኸዱ፡ ሓያሎ ሚልዮናት ብሪጣንያውያን፡ እዚ ብኸፉ ዝተመርጸ ዝበልዕን ዘጋይጽን ንጉሳዊ ቤተሰብን ካብ ሱሩ ተማሒዩ ታሪኽ ኮይኑ ክተርፍ'የም ዝጽውዑ። ቅድሚ 4-5 ዓመት ንዝተኻየደ ጸምብል መርዓ ልኡል ዊልያም (ወዲ ልእልቲ ዲያና)፡ ድሒሩ ድማ ብዝኽንያት መበል 60 ዓመት ጸምብል ሽመታ ንግስቲ ኤልሳቤጥ ካልኣይቲ ዝጠፍአ ዘይተኣደነ ገንዘብን ዝተኸስከሰ ሸሻይን ዝተዋህቦ ሽፋን ማዕከናት ዜናን ዘሕመሞም ሚልዮናት ብሪጣንያውያን፡ ብወርሻ ዝርከብ ንግስነታዊ ስልጣንን ሓለፋን ተሪፉ መሰረታዊ ደሞክራሲያዊ ጽገና ክግበር ከምዘለዎ ብተደጋጋሚ ክጠልቡ ጸኒሖም ኣለዉ። እቲ ንግስነት ብዝኾነ ይኹን መዐቀኒ ቅኑዕ ከምዘይኮነ ብምግላጽ ኩሉ ዝኾነ ፖለቲካዊ ባይታ ከምዘይብሉ የረጋግጹ። ንሳቶም፡ ማዕርነት ዜጋታት ዘረጋግጽ፡ ተሓታትን ግሉጽን ደሞክራሲያዊ ሕብረተሰብ ክህልዎም ዝደልዩ። ኣብታ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ከምዘለዋ እትገልጽን ካልኦት ሃገራት ድማ ኣሰራ ንኽስዕባ እተሰተምህርን ሃገርም፡ ብትውልዱ ጥራይ መራሒ መንግስቲ ዝኸውን ንጉስ ወይ ንግስቲ ክህሉ፡ ሓያው ድሕረት ወይ ከኣ ደይ ኢልካ ዝፍጸም ሽፈጥ ከምዝኾነ ድማ'ዮም ዘጽኑ።

በቲ ኻልእ መዳይ ድማ፡ ንህላወ ንግስነት ብሪጣንያ ዝድግፉን በቲ ንግስነት ዝጠፍእ ገንዘብ ምኽንያታዊ ክገብርዎ ዝደልዩን ወገናት፡ ንጉሳዊ ቤተሰብ ማስሕቢ ቱሪዝም ምንጪ ብርኪት ናይ ወጻኢ ባጤራን ምዃኑ'ዩ ዝምጉቱ። ኮይኑ ግና፡ ንግስነት እንተዳዓኹ ኣብ ቱሪዝማዊ ንጥፈት እታ ሃገር ክወርድ ብዘዕባ ዘኽእል ኣሉታዊ ጽልዋ ጭብጥ ሓበሬታ ዛጊት ኣየቕረቡን ዘለዉ። እምበርከ፡ ምንጪ ቱሪዝም ብሪጣንያ፡ በጻሕቲ ዝበህግዎም ቦታታት - ዓበይቲ ርሻናት፡ ኢደ-ስርሓትን ዘመናት ዝቖጸሩ ቅርስታትን ምዃኖም ዶ ኣይኮነን ዝእመን፡ ብኾፎም መሃያ ዝወስዱን ንመዘወርኦምን ካልእ ንኽትኣምኖ ዘጸግም መጋዓዝን ዘይተኣደነ ወጻኢታት ዝግበረሎምን ኣባላት ንጉሳዊ ቤተሰብ ምንጪ ቱሪዝም ይኾኑ ስለዘለዉ ጥራይ ከም ቅቡላት ክውሰዱ ቅቡል ዲዩ? ዝብል ሕቶ፡ ሕቶ ሚልዮናት ብሪጣንያውያን'ዩ። ብመሰረት ጸብጻብ 2013፡ ኣብታ ካብ ዓለም ብዙሓቲ ኣብ ሻዱሻይ ደረጃ እትስራዕ ከተማ ሎንደን 650 ሽሕ ቁልዑ ኣብ ድኽነት ይነብሩ፣ 391 ሽሕ ቁልዑ ድማ ኣብ ኣዝዩ ጸቢብቲ ገዛውቲ ተጨቓጭቖም ይቕመጡ። እዚ እናኾነ ግና ብሪጣንያውያን፡ ሚኒስተራት ከይተረፉ፡ ንኽብሪ ንሓደ ካብቲ ብሃብቲ ዝፎቐበ ንጉሳዊ ቤተሰብ ዝተወልደ ህጻን፡ ይሰግዱን ኣብ ርእሲ ብርኪት ሃብቱ ሃብቲ ይወሰኽሉን።

ንጉሳዊ ቤተሰብ ብሪጣንያ ካብ ማእከላይ ዘመን ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣደራዕን ግፍዕታትን ክፍጽም ዝጸንሐ ምኽንያት'ዩ ዝውቀስ። ብሪጣንያ ኑቶም ኣብ ሓደ እዋን ኣቦሓጎታቶም መራሕቲ ወራሪ ኩናት፡ ንበትቲን ዓመጽትን ዝበሩ መሳፍንቲ፡ ብዋጋ ህዝቢ ክሳብ ክንደዚ ምሕንቃቓ'ምበኣር፡ ንሓያሎ ዜጋታት'ታ ሃገር ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣተሓሳሲቡ ኮይኑ ኣሎ። በዚ ድማ ህዝቢ ኣብ ትካላት መንግስቲ ብሪጣንያ ዝነበሮ እምነት ከንቀልቀል ይርአ ኣሎ። ብመሰረት ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ 1983 ካብ 10 ብሪጣንያውያን፡ እቶም 9 ኣብ ጣንኪታት ሃገሮም ምሉእ እምነት ነይሩዎም። ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን ክልተ ካብ ዓሰርተ ጥራይ'ዮም ንጣንካዊ ኣሰራርሓ ዝኣምኑዎ። ብኡ መንጽር ንንጉሳዊ ቤተሰብ ዝቃወሙ ብሪጣንያውያን ክሳብ 40 ሚእታዊት ከምዝበጽሑ ይግለጽ። ኣብ ዝመጽእ ዓመት ምስ ምምጻእ ንጉስ ቻርለስ፡ እቲ ኣሃዝ ክውሰኽ ምኽንያት ከኣ ይግመት።



“ብሓጺሩ ሓደ ኣባል ንግስነት ብሪጣንያ ኣይሰርሕ፡ ዝደለዮ ገንዘብን ጺጋን ብኸፉ ዝቐረበሉ፡ ብሰራሕተኛታት ናይ ገዛን ዕጡቓት ዓጀብትን ዝሕቡሓቡ፡ ብሃገራዊ ሕጊ ኣይቕየድ፡ ብፖሊስ ኣይክሰስ፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ ብዙሓት እንግሊዛውያን ልዑል ክብርን ኣድህቦን ዝሁብዎ፡ መለኮት'ምበር ሰብ ኮይኑ ዘስምዖ ፍጥረት'ዩ” ክትብል'ያ ፕሮፈሰር ባርባራ ሄር እትገልጽ።

# ስድራ ቤት

# ቁልዑ ጥዑያት ኩይኖም ንኽየብዑን ንኽምሃሩን

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ዝተማልአ ጥዕና ዘውንን ዜጋ ኣብ ኩሉ ስራሓቱ ኣድማዒ ከምዝኸውን ኣየጠራጥርን። ኣብ ምህናጽ ሃገር፡ ቅድሚ ዝኣገረ ጥዕና ዜጋታት ዘረጋግጽ ባይታ ምጥጣሕ መሰረታዊ ዝኹብሮ ድማ በዚ ምኽንያት'ዩ። ካብዚ ሰነ-ሓሳብ'ዚ ብምንቃል፡ መንግስቲ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር - ኣብቲ ርሑቕ ቦታታት ከይተረፈ - ጥዕና ዜጋታት ዘውሕስን ዝከታተልን መደበራት ጥዕና ብምህናጽ ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ይህብ ኣሎ። ንዜጋታት ካብ ግዜ ህጻንነቶም ጀሚሮም ምሉእ ጥዕና ሒዞም ዝዓብዩሉ ንጥፈታት ምኽያድ ድማ ኣብ ምቁጽጻር ሕማማት ወጽኢታዊ ይኸውን።



ጽሬት ኣስናን ደቕና ንከታተል

ንሎሚ፡ ካብዚ ሓሳብ'ዚ ከይወጻና፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከል ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ብምትሕብባር ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ንዝርከቡ ተማሃሮ ዞባ ማእከል ጥዕናዊ ኩነታቶም ፈቲሹ ሕክምናዊ ሓገዝ ዝረኸብሉ መድረኽ ፈጢሩ ንክኸይዶ ዘሎ ንጥፈት ዝምልከት ክኸውን'ዩ። እቲ መደብ ብ 'ተፍትሽ ጥዕና ተማሃሮ" ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ንኹሎም ኣብዚ ዞባ'ዚ ዝርከቡ ተማሃሮ ዓመታዊ ጥዕናኦም ይፍትሽ፤ ኑቶም ጸገማት ዘጋንፉም ተማሃሮ ከኣ ሕክናዊ ሓገዝ ይግበርሎም። እቲ መደብ ኣብ 2004'ዩ ከም ሃገራዊ ስትራተጂ ጀሚሩ። ክሳብ ሕጂ ከኣ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ጥዕናን ሚኒስትሪ ትምህርቲን ዞባ ማእከል ዓመታዊ እናተሰላሰለ ይቕጽል ኣሎ። ንብዙሓት ህጻናት ድማ ትምህርቶም ብጽቡቕ ንኸይቅጽሉ ከዕንቅፉዎም ካብ ዝኽእሉ ሕማማት ከድሕኖም ክኢሉ ኣሎ።

ብዛዕባ'ዚ መደብ'ዚ ዕሙቕ ዝበለ መብርሂ ክህበና ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ምክትታል ጥዕና መም/ ኤፍረም ሰዩም ተወኪሶናዮ ነይርና። መም/ ኤፍረም፡ "እዚ መደብ'ዚ ቤት ትምህርቲ ዝሰረቱ ጥዕናን ኣመጋግባን ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ። ኣብ ተማሃሮ ድማ ናይ ዓይኒ፡ ሰኒ፡ እዝንን ቀርበትን ጥዕናዊ ተፍትሽ ኣካይዱ፡ ሕክምናዊ ሓገዛት ይገብር። እዚ ካብ ዝጀመረ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ኣቑጺሩ ኣሎ። ሃገራዊ ስትራተጂ ተባሂሉ'ዩ ጀሚሩ፣ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕናን ሚኒስትሪ ትምህርትን ብምትሕብባር ዝሰርሕ ዘሎ'ዩ። ዕላማታቱ ድማ ትምህርታዊ ወጽኢት ተማሃሮ ንምምሕያሽን ተማሃሮ ካብ ምብኳር ንምድሓንን'ዩ። እዚ ከኣ ጥዕናዊ ጸገማት ተማሃሮ ብቦግዚኡ ኣለሊኻ ብምፍዋስ፡ ተማሃሮ ብዚይ ጸገም ብኩራትን ክመሃሩን ጸቢቕ ወጽኢት ከመዝግቡን ኣብ መወዳእታ ድማ ኣፍረይቲ ዜጋታት ኩይኖም ንኽየብዑን የኽእሎም።" ኢሉ።

መደብ ተፍትሽ ጥዕና ተማሃሮ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ዞባ ማእከል፡ ኣብ 2012/13 ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት (ኣስመራ) ንልዕሊ 90 ሽሕ ተማሃሮ (ፍርቆም ደቀንስትዮ) ተበጺሖም ግቡእ ተፍትሽ ጥዕና ናይ ዓይኒ፡ እዝኒ፡ ሰኒን ቀርበትን ተገይሩሎም። ከምኡ ድማ ኣብ ሰለስተ ካብ ኣስመራ ወጻኢ ዘለዋ ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል - በሪኽ፡ ጋላ-ነፍሒ፡ ሰረጀቓ ን43197 ተማሃሮ ብኣርባዕቲኡ ዓይነት ተፍትሽ ጥዕና ከምዝተኻየደሎም ተገይሩ። ስለዚ፡ ኣብ 2012/13 ጥራይ ብጠቕላላ ን133,227 ተማሃሮ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ዞባ ማእከል፡ ናይ ሰኒ፡ ዓይኒ፡ እዝኒን



ንተማሃሮ ኣጠቓቕማ ኮልጌት ምምሃር ኣገዳሲ እዩ

ቀርበትን ተፍትሽ ጥዕና ተኻይዱሎም። ካብዚኦቶም ናይ ዓይኒ ጸገም ዝነበሮም (spectacles) 6,274፡ ናይ ዓይኒ ረኽሲ (eye infection) 5,184፡ ናይ እዝኒ ረኽሲ 3,024፡ ናይ ሰኒ ጸገም ዝነበሮም 17,023፡ ናይ ቀርቦት ጸገም ድማ 289 ተማሃሮ ነይሮም። ንኹሎም ድማ ዘድሊ ሕክምናዊ ሓገዝ ከምዝተገብረሎም ጸብጻብ ምክትታል ጥዕና ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ይሕብር።

"ዕላማ ተፍትሽ ጥዕና፡ ጥዕና ተማሃሮ ንምምሕያሽ፡ ተሳታፍነት ኣብ ትምህርቲ ንምዕባይ፡ ብኩራት ወይ ምቁራጽ ትምህርቲ ንምውጋድ'ዩ። ምኽንያቱ ሓደ ተማሃራይ ምሉእ ጥዕና እንተድኣ ሃልዩዎ፡ ብዘይ ጸገም ትምህርቱ ብግቡእ ክከታተልን ክምሃርን ይኽእል። ሓደ ተማሃራይ መምህር ዝጽሕፎ ዘይርኢን መምህር ዝተዛረቦ ዘይሰምዕ እንተደኣ ኩይኑ፡ ትምህርቱ ግቡእ ክከታተልን ጸቡቕ ወጽኢት ክምጽእን ኣይክእልን'ዩ" ዝበል መም/ ኤፍረም፡ ናይ መወዳእታ ዕላማን ራኢይን ናይቲ ተፍትሽ ጥዕና፡ ተማሃሮ ኣብ ጥዕና ዝተኩረ ናይ ባህሪ ለውጢ ንኸምጽኡ ምዃኑ ገሊጹ።

እዚ መደብ'ዚ ክጅምር ከሎ'ውን ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝካየድ ተፍትሽ ጥዕና ካልእ ተወሳኺ ንጥፈታት ነይሩዎ'ዩ። ሓደ ካብኡ ድማ ምዕዳል ቫይታሚን ኤ (A)ን ምዕዳል ኣይሮንን'ዩ። እዚ ከኣ ንጥዕና ቁልዑ ኣገዳሲ'ዩ። ብተወሳኺ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝግበር ናይ ዓይኒ፡ እዝኒ፡ ሰኒን ቀርበትን ተፍትሽ፡ ተማሃሮ ውልቃዊን ጽሬት ንኽዘውትሩ፡ ኣሰናኖም ብግቡእ ከጽርዩን ክዳኖም ብጽሬት ክሕልውን ዝሕግዝ ንሰንስ ይካየድ'ዩ። ከምኡ'ውን ውልቃዊ ጽሬት ኣሰናኖም ንኽሕልዉ ተባሂሉ ብሚኒስትሪ ጥዕና ዝተዋህበ ኮልጌት ብናጻ ይዕደሉ'ዮም።

ናይ ዓይን ሰኒን ተፍትሽ ጥዕና ተማሃሮ ብተንቀሳቓሲት መኪና ናይ ሕክምና'ዩ ዝካየድ። ተፍትሽ ጥዕና ናይ እዚ እተካይድ ተንቀሳቓሲት መኪና'ውን ጀሚራ ነይራ ብሓደ ሓደ ጸገማት ግን ኣቋሪጻ፡ ኑቲ ዝካየድ ተፍትሽ ጥዕና ሓጊዝ ክኸውንን ኣሳልጦ ክህልዎን ተባሂሉ፡ ፈለማ በቶም ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣብያተ ትህምርቲ ዞባ ማእከል ዝርከቡ ተወከልቲ ጥዕና'ዩ ዘድሊ ምጽፋፋት ዝካየድ። ንኣብነት ኑቶም ናይ ዓይኒን ሰኒን ጸገማት ዘለዎ ተማሃሮ ፈትሾምን መዝጊቦምን ናብ ሓካይም ንኽቐርቡ ኣዳልዮሞም ይጸንሑ። ሓካይም ዝሓዘት ተንቀሳቓሲት መኪና ምስ መጸት ድማ ኑቶም ናይ ዓይኒን ሰኒን ጸገማት ኣለዎም ተባሂሎም ብመምህራኖም ዝተለለዩ ተማሃሮ ዶግማይ ብሓካይም ከምዝርኣዩ ይግበር፣ እቶም ቀሊል ዝበለ ጸገማት ናይ ዓይኒን እዝኒን ዘጋንፉም ተማሃሮ ናይ ዓይኒ መጽር ዘድልየም ናይ ዓይኒ መጽር ብነጻ ይወሃቦም፡ ኣሰናኖም ክስደዱሎም ዘድልየም ብናጻ ይስደደሎም፡ መድሃኒት ዘድልየም ድማ ይወሃቦም። እቶም ክብድ ዝበለ ጸገም ዓይኒን ሰኒን ዝተረኽቦም ተማሃሮ ድማ ናብ ዝለዓለ ሕክምና ተላኢኾም ብናጻ ግቡእ ሕክምናዊ ሓገዝ ከም ዝግበረሎም ይኸውን። ብተወሳኺ እቶም ርኡይ ጥዕናዊ ጸገም ናይ ዓይኒን ሰኒን ዘለዎም ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ'ውን መረጋገጺ ወረቐት እንተድኣ ኣምጺኦም ብናጻ ሕክምናዊ ሓገዝ ከምዝግበረሎም መም/ ኤፍረም ሓቢሩ።



መም ኤፍረም ሰዩም

ናይ ዓይኒ ጸገም ክበሃል ከሎ ቀዳማይ ናይ ምርኣይ ጸገም (Refracted Error) ዝበሃል ክኸውን ከሎ ብኻልኣይ ደረጃ ድማ ብጉድለት ጽሬት ዓይኒ ዝመጽእ ረኽሲ ዓይኒ (ትራኮማ)'ዩ። ሓደ ተማሃራይ ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ግዜ ገጹ ብማይን ሳሙናን እንተድኣ ተሓጺቡ ሕማም ትራኮማ ክሕዞ ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ ተራ ወለዲ ክዓዝዝ ኣለዎ። ናይ እዝኒ ጸገማት'ውን ብሰለስተ ኣገባብ - ብረኽሲ፡ ብተፈጥሮ ዝመጽእ ናይ ምስማዕ ጸገማት ከምኡ



ድማ ብሓደጋ ዝስዕብ ምቕዳድ ከበሮ እዝኒ ዝመጽእ'ዮም። ኣብዞም ተማሃሮ ዝርአ ሕማም እዝኒ ድማ ቀንዱ ግቡእ ጽሬት ብዘይምሕላው ዝስዕብ ዘሎ ረኽሲ እዝኒ ስለዝኾነ ብወለዲ ዕቱብ ምክትታል ክሓትት'ዩ።

ሕማም ቀርበት'ውን ቀንዲ መበገሲኡ ጉድለት ጽሬት'ዩ። ኣካላትና ኩሉ ግዜ ብማይን ሳሙናን ንሕጸብ እተድኣ ኴንና ካብ ብዙሕ ዓይነት ሕማማት ኢና ናጻ ንኸውን። ከም ዓቐን ካልእ ብሰንኪ ጉድለት ጽሬት ዝመጽእ ሕማም ቀርበት ናጻ ንኸውን።

ኣቓዲሞም ዝተኻየዱ ንጥፈታት ተፍትሽ ጥዕና ከምዝሕብርዎ፡ እቲ ቀንዲ ናይ ሰኒ ጸገም ኩይኑ ኣብ ተማሃሮ መባእታ ድማ'ዩ ብዝበዝሐ ዝርአ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ተማሃሮ መባእታ ኣብ ኣመጋግባኦም ሽኮራዊ ብዝበዝሐ ስለ ዘዘውትሩ'ዩ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ኣሰናን ብግቡእ ዘይምጽራይን ዘይምጉጽጓጽን ኣሰናኖም ይሕሰኽን ይበላሾን፣ ኣብ መወዳእታ ብንእሽቶም ጎደሎ ኣሰናን ይኾኑ ምህላዎም መም/ ኤፍረም የጠንቅቕ። ስለዚ፡ ተማሃሮ ካብ ንእሽቶም ውልቃዊ ጽሬት ኣሰናን ከም ባህሊ ክወስድዎ ብወለዶም ግቡእ ምትብባዕን ለሚዶም ክዓብዩን ኣዘኻኺሩ። ብተወሳኺ፡ ሓንቲ ካብ ኣዕኑድ ቤት ትምህርቲ ዝሰረቱ ጥዕናን ኣመጋግባን ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይን ዓይኒ ምድሪን'ያ። ስለዚ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ብመሰረቱ ሱሓቢ ክኸውን፡ ጉሓፍ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ተዳልዩሉ ክጉሓፍ፡ ተማሃሮ ዝሰትዩዎ ማይ ውሑስ ክኸውን፡ እቲ ዝለዓለ ድማ ተማሃሮ ቀልቀል ኣብ ደገ ከይወጹ፡ ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ እኹል ዝኾነ ዓይኒ ምድሪ ክህልዋ ምግባር ኣገዳሲ ምዃኑ ኤፍረም የተሓሳስብ።

ሎሚ ዓመት ተፍትሽ ጥዕና፡ ኣብተን ካብ ከባቢ ኣስመራ ወጻኢ ንዘለዋ ሰለስተ ንኡሳን ዞባታት ጋላ-ነፍሒ፡ በሪኽን ሰረጃቓን ንዝርከቡ ተማሃሮ መባእታን ማእከላይ ደረጃ ንምክያድ ሓካይም ካብ ወርሒ ጥቕምቲ 2013 ስራሖም ጀሚሮም ደርከቡ። እቲ መደብ ብንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ዝጀመረ ኩይኑ፡ ዛብት ንተማሃሮ መባእታን ማእከላይን ደረጃታት ዓዲ-ጓዕዳድ፡ ዓዲ ቀን መርሓኖን ተፍትሽ ጥዕና ሰኒን ዓይኒን ገይሮም ናብ ዓዲ-ጉዳጉ ሰጊሮም ኣለው። ዝቕጽል ክፋል ፃምዲ ሰድረቤት ድማ ናብ ዓዲ-ጓዕዳድ ተንቀሳቒስና፡ ምስቶም ተፍትሽ ጥዕና ተማሃሮ ዘካይዱ ሓካይም፡ ሓለፍቲ ጨንፈራት ሚኒስትሪ ትምህርቲ'ቲ ንኡስ ዞባን ወለዲን ዘካየድናዮ ቃለ-መጠየቕ ዝምልከት ክኸውን'ዩ።

ይቕጽል

# ኮሎኔል ሚካኤል - “ኣቦ መሃዝነትን ተወፋይነትን”

መሓመድእድሪስ መሓመድ

1ይ ክፋል

“ኣብ ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ኣብ ተመክሮ መጓዓዝያ ህ.ግ. ዝተፈጸመ መስተንክራት፣ ዝተዓመ ሰራሓት፣ ዝተሓልፈ መሰገደላት ንድሕሪት ተመሊስካ ክትጸውየሉ ንሰራሕኡ'ውን ትንግርቲ'ዩ። ኣብ እዋን ገድሊ ኣብ መጽሔት ሓርበኛ



ኣዘንታዊ ሜጀር ገብረመስቀል ገብረገርግሽ (ፋየር)

ድሕሪኡ'ውን ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ‘እቲ ካልእ ጅግንነት’ ዝብል ኣርእስቲ፣ ብዛዕባ ተመክሮ መጓዓዝያ ሰውራ ዘዘንቱ ጽሑፍ ወጺኡ ነይሩ። ሕጂ ድማ “ኣቦ መሃዝነትን ተወፋይነትን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብዛዕባ ሰውእ ኮሎኔል ሚካኤል ፍስሃየን ኣብቲ ናይ ጋራጅ ስርሓት ዝኾኖ ዝነበሩ ብጾቱን ዝድህሰስ ታሪኽ ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣሎና - ብተኸታታሊ ክቐርብ'ዩ፦

***

ሜጀር ገብረመስቀል ገብረገርግሽ - (ፋየር) ኣብ 1973 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ተወዲቡ ክሳብ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣብ 1974 ናብ ውድብ ህ.ግ. ተሰሊፉ። እንተኾነ ወደብቲ ኣካላት “ኣብ ክንዲ ንሜዳ ትወጽእ ኣብዚ ዘሎ ስራሕ ስለዝዓቢ ተድልየና ኢኻ” ብምባል ኣብ ውሽጢ ኣስመራን ከባቢኣን ክሰርሕ መሪጾሞ። ኣብ 1977 ድማ ምስቲ ዝነበረ ምሕራር ከተማታት ሓፋሽ ውድብ ኮይኑ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ኣብ ክንዲ ዝኾኖ ንሜዳ ክወጽእ ወሲኑ። ኑቲ ብሂጉዎ ዝነበረ ታዕሊም ከይበጽሐ ኣብቲ ርሱን ኩነታት ዝካየደሉ ዝነበረ ግንባር ሰሓርቲ፣ ዓዲ ሓወሻ፣ ዓደምዘማትን ሰላዕ-ዳዕሮን በቲ ዝነበሮ ሞያ ቴክኒክ ክሰርሕ ምስ ሳልሳይ ርእሱ - ሰውኣት መስፍን ተኸለገርግሽን ወረደ ጁጋይን - ወደብቲ ኣካላት ሓበሬታ ይህብዎ። ኣብዚ ግዜ ድማ'ዩ ፋየር ምስ ሰውእ ኮሎኔል ሚካኤል ፍስሃየ ዘራኸቡ። ፋየር ብዛዕባ ሞያን ተወፋይነትን መጋድልቱ ከዘንቱ እንከሎ ዝያዳ ቅጅል ዝብሉዎ ሰውእ ኮሎኔል ሚካኤልን ብጾቱን እዮም።

ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እዝ ኣብ ኣፍዓበት ብእንዳ ታንኪ ኣብ ዝፍለጥ፣ ብዙሒ ታንኪታትን ወተሃደራውያን ተሽከርከርቲን ዝነበራኦ ቦታ ክዘክር እንከሎ ሜጀር ፋየር፣ ኮሎኔል ሚካኤል ፍስሃየን ኮሎኔል ወልዱ ገረየሱስን (ወልዱ ባርያ) ኑተን ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ዝኾና ተሽከርከርቲ፣ ሓደ ብሓደ እናረኣዩ፣ “ፋየር ነዚኣ ጸንጽልዋ፣ ነዚኣ ፍትሑዋ” እናበሉ መምርሒ ክህቡዎም ከለዉ'ዩ ትዝ ዝብሎ። “ይዝከረኒ” ይብል ፋየር፣ “ሓደ መዓልቲ ልሙድ ስራሕና ክንፍጽም ስካርፔሎን ማርቴሎን ሒዝና ሓርኮትኮት ክንብል እንክለና፣ ሰውእ ኮሎኔል ሚካኤል ፍስሃየ፣ ኑቶም ብዘይተጕላጥኑ ዝሰርሑ ዝነበሩ ኣባላት ጽገና ጋራጅ እናተመልከተ፣ “እየው፣ ናጽነት ክውን ምስ ኮነ፣ ነዚ ተኣምር ዝሰርሕ ዘሎ ተጋዳላይ ኣብሊዕካ ኣስቲኻ ትዓግብ ኮይኑ ኣይሰምዓካን” ኩብለና እንክሎ ኣይርስዖን።

ፋየር፣ ብሓሳብ ናብ ሰብዓታት ናብ ኮባቢ. ኣስመራ - ብፍላይ ግንባር ሰሓርቲ ተመሊሱ፣ ሰውእ ኮሎኔል ሚካኤል ዘሕለፎ መሪር ተዘክሮ ካብ ሓሳቡ ዘሃሰሰ ኣይኮነን። “ንሕናን ሰውእ ኮሎኔል ሚካኤል ኑታ ዝተሰልበት ታንኪ ጸላኢ ኣብ ቁልቁለት ዓጸናፍ ከረውረው እናበልና ከነውርዳ ከሎና፣ ሚኪኤል ብቕያ ሞያውያን እናተገረመ፣ “ርአ እዚ ዝሰራሕ ዘሎ ታሪኽ! “ጸዓዱ ኦፔል እናዘወሩ'ዮም ኣብ ሲነማ ዝረኣዩ። ብሓቂ ክርአ ዝነበሮ ግና እዚ ተኣምራት'ዚ እዩ” ንእትብል ናይ 1977 ዘረባኡ ኩሉ ግዜ'የ ዝዝክራ” ይብል። ቀጺሉ ፋየር፣ “ንእግረ መንገደይ፣ ግደይ ዘራጸዮን ኣብ ገድሊ ዘበርከቶ ታሪኽ ወስ ኩብል። ግደይ፣ ውድብ ህ.ግ. ኣብ እግሪ ተኸሊ፣ ጽገና ጋራጅ ኣብ ፍልፍል ክጀምር ከሎ፣ ካብ ኣስመራ ተጨውያ ዝወጽኣት ናይ ቶርኒዮ (ጽርበት ሓጺን) ማሽን ከም መበገሲት ተጠቒሙ ብዙሕ ሰራሓት ዝዓምም ዝነበረ ሓርበኛ'ዩ። ድሕሪ እስራተጂካዊ ምዝላቕ ድማ ናብ ሱዳን ጋራጅ ሰዋኪን፣ ቀጺሉ ኸኣ ናብ ካርቱም እናበለ ንውድቡ ኣገልጊሉ። ተጋዳላይ ግደይ ዘራጸዮን ዝኸደል ታሪኽ ክምልኣለይ ብምሕሳብ ኑታ ዝነበረትኒ ንእሽቶ ዕድል ተጠቒመ ናብ ቦታ ስርሑ ኰቐልኩ። ግን ኣብ ቦታኡ ምስ በጻሕኩ ክኣምኖ ዘይከኣልኩ ነገር'ዩ ተቐቢሉኒ። ኣብ ኣፍ-ደገ ቦታ ስርሑ ኣብ ዝርከብ ዓንዲ መብራህቲ መርድእ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ግደይ ዘራጸዮን ከም ዝተሰውአ ዝሕብር ጽሑፍ ረኣኹ። ለካ ሓርበኛ ኣይነበርን'ዩ ታሪኹ'ዩ ዘውረሰ ኩብሃል ሓቂ'ዩ። ታሪኽ ሓርበኛ ክትሰንድ ክትብል መርድእ ናይቲ ክትውከሶ ዝኸደካ ካልእ ሓርበኛ ክጸንሓካ እንከሎ ኣዝዩ ዘሐዝን'ዩ። ሓርበኛታት ታሪኾም ከይተሰነደ በብሓደ ይፋነዉ ኣለዉ። ስለምንታይከ ታሪኾም ድሕሪ መሰዋእቶም ክንሰንድ ንጽየ!?” ዝብል ድማ ሽዑ ኣብ ኣእምሮይ ዝመጸ ሕቶ'ዩ” ይብል።

ፋየር ናብ ሰውራ ክስለፍ እንከሎ 6ይ ክፍሊ'ዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ዕድመ'ዚ ግና ኣብ ስራሕ ናይ ጋራጅ ብፍላይ ድማ ናይ ባለስትራዮ ሳልዳቶሬ (ምልሓም ባሌስትራ) ክእለት ደሊቡ ነበረ። ኣብ ሰውራ ፈለማ ዝተቐበሎ ሰውእ ኮሎኔል ሚካኤል'ዩ። ኮሎኔል ሚካኤል ዝተሰልባ ታንክታት ከውጽእ ጥይትን ቦምባን ከይዓጀቦ ስርሑ ይፍጽም ነበረ።

ተራ ሞያውያን ተጋደልቲ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ መወዳድርቲ ኣይነበሮን። ኣብ መጓዓዝያ ዝነበሩ ሞያውያን ጽገና ጋራጅ፣ ኑዳዲ፣ መራሕቲ መኻይን፣ ትምህርትን መጽናዕትን ኢልካ ክጥቀሱ ይኽእሉ። ሞያውያን ሰውራ ክንዝክር ከሎና ድማ ተጋዳላይ ሚካኤልን ብጾቱን ኣብ ቅድሚት ዝሰርዑ'ዮም። ኣባላት መጓዓዝያ ኣብቲ ጽንኩር ኩነታት ገድሊ ኣብ ኣጻድፍ፣ ኣብ ስንጭሮታትን ጎቦታትን፣ ኣብ ጎላጉል፣ ምድረበዳን ባሕርን ኣብ ሰማይ ምስ ዝፍራ ነፈርትን ዝነበረ ጥምጥምን ዝሓለፈ መስተንክርን ዘደንጹ'ዩ። ኣብ ምዕዋት ሰውራ ነፍሲ ወከፍ በዓል ሞያ ፍሉይ እጃምን ተራን'ኳ እንተነበሮ፣ እቶም ፍሩያት ወይ ከዋኽብቲ ሞያውያን ግን ተራ ናይቶም ኣብ ሞያ ቴክኒክ ልዑል እጃም ዝነበሮም ሰውእ ሚካኤልን ብጾቱን ሓሊፉ ኣሎም።

“ሰውእ ተጋዳላይ ሚካኤል ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ካብ 1ይ-4ይ ክፍሊ ዝተማሃሮ ቋንቋ ጥልያን ኣብቲ ምስ ጸዓዱ ዝነብሮ ዝነበረ ናይ ስራሕ ዕርክነት ሓጊዙዎ'ዩ። ኣብ ንእስነቱ ምስ መብቆል ዓዱ ኣምሁር ቅርበት ዘለዎ ከተማ ደቀምሓረ እናተመላለሰ'ዩ ቋንቋ ጥልያን ተማሂሩ። ንሱ ትጉህን ተብላሓትን ብምንባሩ፣ ኑቲ ንእሽቶ ናይ ቋንቋ ፍልጠቱ ናብ ሓደ ደርማስ ሞያ መካኒክነት ክልውጣ ግዜ ኣይወሰደሉን። ኣብ ንኡስ ዕድሜኡ ድማ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ኣብ ስራሕ መካኒክ እንዳ ጅኖ ጎሪ ተባሂሉ ዝፍለጥ ጋራጅ ስራሕ ጀሚሩ። ድሕሪ'ዚ ኣብ መጀመርታ ስሳታት ካብ ከተማ ደቀምሓረ ናብ ኣስመራ ብምኻድ ኣብ እንዳ ሬኖ ካዘደሊ. ዝበሃል በቲ ዝነበሮ ሞያ መካኒክነት ቀጺሉ። ደሓን ዝኾነ ፍልጠት ምስ ደለበ ድማ ጆኒ ኣቸቶ ምስ ዝተባህለ ሓንፈጽ ኣብ ብሎኮ ጎዳይፍ ኣስመራ ብሽርክነት ክሰርሕ ጀመረ።



ሰውእ ኰሚካኤል ፍስሃየ ‘ኣቦ ምህዞን ተወፋይነትን’

ሰውእ ሚካኤል ብዘበሮ ክእለት ተጠሊቡ ንውሱን ግዜ ናብ ኣዲስ ኣባባ ማሞ ካቻ ናብ ዝበሃል ጋራጅ እንዳ ኣውቶቡሳት ብኩንትራት ክሰርሕ ከይዱ። ድሕሪ'ዚ ናብ ኣስመራ ተመሊሱ ኑቲ ምስ ካልኣዩ ተሻሪኹ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ጋራጅ ናብ ብሕቱ ብምጥቓል ክሳብ ኣብ 1975 ናብ ሜዳ ዝወጽእ፣ ኣብ ብሎኮ ጎዳይፍ ብሞያኡ ስርሑ ቀጺሉ።

ሰውእ ሚካኤል ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ምስ ሓፋሽ ውድባት ይተሓባበር'ኳ እንተነበረ፣ ኣብ 1975 ግና ኣብ ከባቢ ኣስመራ ናብ ዝርከብ ዓድታት ምስ ሰውኣት ብጾቱ መሓሪ ገብረንኪኤልን ግደይ ዘራጸዮንን ካልኦትን ብመንገዲ ሰሜናዊ ባሕሪ ናብ ፍልፍል ሰለሙና ብምውራድ ናብ ሰውራ ተጸንቢሩ።

ምስ ሚካኤል ኣብ 1975 ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ተኸስተ ተኸለ (መርሓኖ) ምስ ሓዉ ኮይኑ ዝጥፈሉ ዝነበረ ስራሕ መካኒክ ራሕሪሑ ናብ ሰውራ ኰቐለ። ሚካኤል ዘለዋ ጉጅለ ብፍልፍል ክትወርድ ከላ፣ መርሓኖ ዝነበራ ጉጅለ ድማ ብዓላ ገይራ ናብ ሳሕል ተጠውያት። ኣብቲ እዋን ሳሕል ቀንዲ ደጀንን መዋፈርን ተጋደላይ ህዝባዊ ሓይልታት ስለዝነበረት፣ ካብ ከባሳን ቀላን ዝተኣኻኸቡ መንእሰያት ናብ ሳሕል'ዮም ዝኸዱ ነይሮም። ካብ ኣስመራ ዝተበገሰ መርሓኖን ሰውእ ሚካኤል ዝነበርወን ጉጅለታት ድማ ኣብ ማይ ላባ ተራኺቦም።

ተጋደላይ ተኸስተ ተኸለ (መርሓኖ) ንድሕሪት ተመሊሱ ብዛዕባ ተጋዳላይ ሰውእ ሚካኤል ከዕልል ከሎ፣ “ንሚካኤል ኣብ ኣስመራ'የ ዝፈልጦ፣ ሚካኤል ጽቡቕ ስራሕን ክእለትን ዝነበሮ ሰብ እዩ። ብሞያ መካኒክነት ክሀብትምን ገንዘብ ክድልብን ይኽእል'ኳ እንተነበረ፣ ኩሉ መንእሰይ ክጋደል ኣብ ዘንቀደሉ እዋን ኣብ ኣስመራ ተሪፉ ገንዘብ ክእኩብ ሕልናኡ ኣይገበረሉን። በቲ ሽዑ ግዜ ብመኪና ይዛወር ከምዝይነበረ፣ ኑቲ ካብ ኣስመራ ክሳብ ሰሜናዊ ሳሕል ኣማኢት ኪሎሜትራት ዝዘርጋሕ ርሕቀት ምስ ጽምእን ጥሜትን ለይቲ ብጸላም ቀትሪ ድማ ብጸሓይ'ዩ ምስ ብጾቱ ተሳልዩዎ” ይብል።



ሰውእ ኰሚካኤልን ሜጀር ፋየርን

ይቕጽል

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን

ኣብ መንነ ከሳሲ. ኣቶ ኣማኑኤል እስቲፋኖስ መሓሪ፥ ተኸሳሲ. ኣቶ ዳኒኤል ወልዳይ ጊላማርያም፡ ዝበረ ናይ መሸጣ ውዕል ናይ ገዛ መኪና ቁጽሪ ER-1-19347 ዝኾነት መኪና ስም ከየመሓላለፈለይ ስለዝኸደ፥ ተኸሳሲ. ን14/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀረበ ጉዳዩ ኣብ ዘየለዉሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

1.ዩኤል ሃብተኣብ 2.ፊሽን ሃብተኣብ 3.ናህም ሃብተኣብ 4.ሰሰን ሃብተኣብ 5.ኤደን ሃብተኣብ፥ ኣቦና ስወእ ተጋ/ ሃብተኣብ ርእሶም ስለዝበደሩልና ለዋ ደጽደቑልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

መም/ፍረወይኒ በርሀ ዓጽሙ፡ በዓል ቤተይ መም/ ብርኸ ያሬድ ናይዝጊ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ሶፍያ ዃርኦብ ምሕረትኣብ፥ ሓወይ ስብሃትለኣብ ዃርኦብ ምሕረትኣብ ስለዝዐረፈ፥ ኣነ እንኮ ሓፍቲ ወረሰቲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኤርምያስ ገብረትንሳኤ ወ/ሚካኤል፡ ወላዲት ኣደና ዘውዲ ኣንገሶም ደብሳይ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሄለን ኣብርሃም ጊላይ፥ ተኸሳሲ. ኣቶ ፍጹም ዑቕባሚካኤል ዑቕባብርሃን ክሲ. ቅሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ግዜ ውሳኔ ክህብ ምዃኑ ይሕብር።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍን ሰምበልን

ኣብ መንነ ከሳሲ. ኣቶ ገብረማርያም ገብረስላሴ ወልደሚካኤል፡ ወኪል ኣቶ ኣሮን ሚኪኤል ገብረሂወት ተኸሳሲት ወ/ሮ ምሕረት እስቲፋኖስ ኣብርሃ ሕጋውያን ስብ ቃልኪዳን ኮይናም፡ ተኸሳሲት ንዘቐረበለን ክሲ. መልሲ. ንምቕራብ ኣብ ኣድራሻአን ክርከብ ስለዘይክኣላ፥ ባዕለን ወይ ሕጋዊ ወኪለን ን14/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረባ። እንተዘይቀሪበን ጉዳዩ ናብ ዘመድ ሽማግለ ተመሪሑ ውሳኔ ክዋሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ጻዕዳ ክርስትያን

ቴድሮስ ሃብተ ገብረሚካኤል፡ ስም ኣደይ ወ/ሮ ሉተስላሴ ተኽለ ዘርኣ ምባል ተሪፉ፥ ሉተየሱስ ተኽለ ዘርኣ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሕምብርቲ

ወ/ሮ ኣብርሄት ገብረጻድቕ ጸጋይ፥ በዓል ቤተይ ኣቶ ነጋሽ ሃብተማርያም ኢያኣብ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ንፋስ

ኣብ መንነ ከሳሲት ወ/ሮ ናጽነት የውሃንስ ሃብታይን ተኸሳሲ. ኣቶ ተኽሉ ኣብርሃም ፍስሃየን ዘሎ ናይ ሓዳር ክሲ፥ ተኸሳሲ. ብኣድራሻኡ ስለዘይተረኽበ፥ ን20/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ ዓረዛ

ኣቶ ደስታ ታፈረ ደስታ፥ ወላደየይ ኧፍ/ሬተ/ታፈረ ደስታ ኣብ ልዕሊ. ቤ/ጽ/ምም/ን/ዞባ ዓረዛ ዝርከብ ዝሰራሕክዎ ገዛውቲ ብወህብቶ ካብ ወላደየይ ስለዝተዋህበኒ. እዚ. ወህብቶ ጸዲቑ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደቂ ሽሓይ

ወ/ሮ ሓረት መብራህቱ ሃይለሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ኣስመላሽ ቀለታ ደምሳስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሓውሲ. ከተማ ጋዴን

ወ/ሮ ኣለም ክፍለማርያም ገብረመስቀል፡ ወለድና ክፍለማርያም ገብረመስቀል ሃብተጼንን ምብራህቱ ሽፍታ ህብትዝጊን ስለዝሞቱ፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 2 ተተካእቲ ናይ ስውእ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲመንጎቲ

ወ/ሮ ታብቱ ንኣምን ኣብረሃር፥ ጓለይ ጽገረዳ ግርማጽዮን ማንኻ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ መንደፈራ

ተጋ/ወልዱ ጋይም ደስታ፡ በዓልቲ ቤተይ በኣይሻ እምባዩ ተስፋማርያም ስለዝሞተት፡ ካብ ክልቴና ኣብራኽ ዝተወልደ ቀልዓ ዕርዶም ጋይም ደስታ ጥራይ ወረሲ. ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/3/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።




ብፍሉጥን ተፈታውን ደራሲ. ሲድኒ-ሸልደን ዝተጻሕፈት፡ ብሚልዮናት ሕታማት ኣብ መላእ ዓለም ዝተሸጠት፡ መሳጥን ኣንጠልጣሊን ጥበብ ኣዘናትዋ ደራሲ. ዝተንጸባረቐላ ጀሚርካ ዘይትግደፍ ናይ ትርጉም መጽሓፍ "ወጋሒታ፡ ቀትርን ምሸትን" ብገዛብል ኣርኣስቲ ናብ ትግርኛ ተተርጒማ ኣብ ቤት መጻሕፍቲ ኣሙንትን ካልኦት ቤት መጻሕፍትን ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

ብልጽቲ መጽሓፍ

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ 07362768/ 07167338 ተወከሉ

## ምልክታ

ኩላትኩም ተመረቕ 7th commencement ዝኾንኩም ተመሃሮ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ካልኣይ እብረ ናይ ስእሊ. መደብ ካብ ዕለት 25/03/2014 ስጋብ ዕለት 05/04/2014 ክካየድ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ዘይተሳእለ ተመሃራይ መጺኡ ኪስኣል ነተሓሳስብ። ኣብዚ. ተጠቒሱ ዘሎ ግዜ መጺኡ ንዘይተሳእለ ተመሃራይ ተሓታቲ ከምዘይኮንና ኣቐዲምና ነተሓሳስብ። ስእሊ. ዝውሰደሉ ቦታ ፎቶ ፊሊ.።

ብሎቲን ኮሚተ

ጸገዘኣብ ገብርሂወት፡ ሕጋዊ ወኪል ናይ ወ/ሮ ሮማ ገብርሂወት ገብረንጉስ ኮይነ ኣብ ወርሒ. 08/2013 ብዘይተረደኣኒ ምኽንያት ብስም ሮማ ገብርሂወት ገብረንጉስ ብቁ.ምስክር ወረቐት 119027 ከምኡ'ውን ብወመከሲ. ቁጽሪ 116445 ዝተመዝገበ ሊብሬቶ ናይ ገዛ ስለዝጠፍኣኒ፡ ብወገንኩም ኮሚሽን ኣባይቲ ቅዳሕ ክትህቡኒ ብኣኽብሮት እንዳመልከትኩ ንዝገበረለይ ምትሕብባር ኣቐዲመ ኣመስግን።

ወ/ሮ ሮማ ገብርሂወት ገብረንጉስ
ወኪል ጸገዘኣብ ገብርሂወት

ኣነ ሶፊያ ዓብዱራሕማን ኣሕመድ፡ ዝነበረትኒ ዋንነት ሊብሬቶ ብቁ/ምስክር 302396 ብመወከሲ. ቁጽሪ 308470 ትፍለጥ፡ ቅድሚ 4 ወርሒ. ኣቢሉ ይኸውን ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ. 2 ዝነብረሉ ከባቢ. ስለዝጠፍኣኒ፡ ኣነ ረኺበዮ ኣለኹ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ኣለኹ ዝብል ኣካል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ቴሌ፡ 07191588 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ የፍልጥ።

ሶፊያ ዓብዱራሕማን ኣሕመድ

ኣነ እሙና በላይ ዝተብሃልኩ፡ ግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ስለዝጠፍኣኒ፡ ቁ/ምስክር ወረቐት 105510 መወከሲ. ቁጽሪ 170566 ነዚ. ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ. 182391 ክሕብረኒ፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእትኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ ይሕብር።

እሙና በላይ

ኣቶ ተኽለማርያም የማነ፡ ዝተፈቐደሎም ናይ ክዳውንትን ኮስሞቲክስን ትካል "ሻሎት ፑቲክን ኮስሞቲክስን" (SHALOT BOUTIQ AND COSMOTICS) ተባሂሉ ክቕየረሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ. ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና፡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ሕጋዊ ቤ/ፍ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ፡ እቲ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ. ውሽጣዊ ንግዲ

## ምልክታ ንኽፈልቲ ግብሪ ቴሌቪዥን

ኩሉኹም ነባራትን ሓደስትን ናይ ውልቂ ይኹን ናይ ትካላት ወነንቲ ቴለቪዥን ኣብ ኩሉን 13 ምምሕዳራት ከባቢታት ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት ዞባታት ዝርከባ ከተማታት ዓዲ-ተከሌዛ፡ ከረን፡ ባረንቱ፡ ተሰነይ፡ ደቀምሓረ፡ መንደፈራ፡ ድባርዋ፡ ባጽዕ ዝርከባ ቤት ጽሕፈታት ጨንፈር ማርኬቲንግ ሚኒስትሪ ዜና ቀሪብኩም ዘለኩም ውንዙፍ ክፍሊት ይኹን ናይ 2014 ዓ.ም ዓመታዊ ግብሪ ቴለቪዥን ክትከፍሉ ብጥብቂ ንሕብር።

ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኹሎም ኣብ ሰዓታት ስራሕ ዘይጥዕሞም ሰራሕተኛታት ንምግልጋል ኩሉ ግዜ ቀዳም ቀዳም ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ማርኬቲንግ ካብ ሰዓት 8፡00 ቅ.ቀ ክሳብ 12፡00 ምሉእ ኣገልግሎት ከምእንህብ ንሕብር።

ሚኒስትሪ ዜና

## ምልክታ ጨረታ

ቤ/ጽ ምም/ን/ዞ/መንደፈራ መ/ኣቕሑ መኪና፡ ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎ ጎማ መኪና፡ ፎቶኮፒየር፡ ኣቕሑት መስመር ማይ ክዕድግ ስለዝደለየ፡ እዚ. ዝስዕብ ረቛሒ. ዘማልኡ ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ናይ 2013 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ብፎቶ ኮፒ የቕርብ።
2. መጫረቲ ሰነድ ካብ ቤ/ጽሕፈትና (ክፍሊ. ዕድጊ) ክዉሰድ ይከኣል።
3. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽሉ ዕለት ን10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን ንጽባሒቱ ሰዓት 10፡00ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።
4. ተወሳኪ. ሓበሬታ ምስ ዝድለ ብቁ.ስ. 611792/611050 ምዉካስ ይከኣል።
5. ምምሕዳር ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ ነዚ. ጨረታ ብኽፊል ወይ ብምልኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ ምም/ን/ዞ/ መንደፈራ

## ምልክታ ጨረታ

ምምሕዳር ዞባ ማእለል ኣብ ቤት-ጽሕፈት ዝርከባ፦

1. ኮምፕዩተራት ፕሪንተራት ወ.ዘ.ተ.
2. ፎቶ-ኮፒተራት ፋክሳት ወ.ዘ.ተ

ንሓደ ዓመት ወርሓዊ ኣገልግሎት ምጽራይን ምጽጋንን (service and Maintenance) ዝህቡ ግቡእ ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ዘለዎም ተጫረትቲ ይዕድም።

- ዝርዝር ሓበሬታ (specification) ዝበዝሕ ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ቁ.39 ክወስድ ይከኣል።
- ተጫረትቲ ዝተሓደሰ ናይ 2012 ፍቓድ ንግዲ የቕርቡ።
- ኣብ ጨረታ ዝተገልጸ ዋጋ ጨረታ፡ ካብ ዝተኸፍተሉ መዓልቲ ጀሚሩ ን20 መዓልታት ዝጸንሐ ይኸዉን።
- ተጫረትቲ ኣቐዲሞም ናቕፉ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) መኽበሪ ጨረታ ብቸክ ወይ ብሲ.ፒ.ኦ የትሕዙ።
- ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን10 መዓልቲ ስራሕ ክፉት ኮይኑ ኣብ ዝቐጽል መዓልቲ ስራሕ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ይኽፈት።

ቤት- ጽሕፈትና ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኽፋሉ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ሳታየን ብጾታን (ናይ መጓዓዝያ) ብርኪ. ማሕበር SATAE & COM. (TRANSPORT) SHARE COMPANY ስካንያ (SCANIA) ዝዓይነተን ዓበይቲ ኣውቶቡሳት ክመርሑ ዝኽእሉ መራሕቲ መካይን ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለዝደለየ፡ ግዱሳት ይዕድም።

- ሓምሻይ ደረጃ (5ይ) መምርሒ. መካይን ፍቓድ ዘለዎም፡ ኣብ ዓበይቲ ኣውቶቡሳት ወይ ዓበይቲ መካይን ብ5ይ ደረጃ መምርሒ. ፍቓድ ብውሑዱ ካብ 5 ዓመት ንላዕሊ. ዝገልገሉ።
- ሃገራዊ ግቡኦም ዝፈጸሙ ወይ ዘይምልከቶም።
- ወርሓዊ ደሞዝ ብስምምዕ + (ናይ ጉዕዞ ኣበል) + (ናይ ስራሕ ክዳንን ሕክምናን ካልኦት ጥቕምታትን መሰላትን ብመሰረት ሕጊ-ዕዮን ሓባራዊ ስምምዕናን)።

ኣመልከትቲ ኣብ ሰዓታት ስራሕ ዘድሊ. መረድኢ. ሰነድ ብምሓዝ ናብ ዋና ቤ/ጽ/ትካልና ክቕርቡ ይኽእሉ።

ሳታየን ብጾታን (ናይ መጓዓዝያ) ብርኪ. ማሕበር

# ኣፍልጦ

ሃብቶም ጸጋይ

## ሕቶ ንሓብሮም

1. እዚ ሕጂ ቀሓይቶ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቦታ ቅድም እንታይ ዝብል መጸውዒ ነይርዎ?
ሀ. ኣኽራን ሰላም ለ. ዕርዲ ኣቦታት
ሐ. ቀሓይቶ መ. መልሲ የለን

2. ኣብ ነፍሰወከፍ ደቒቕ ቅልጡፍ ናይ ምርባሕ ተኽእሎ ዘለዎ ታህዋስ እንታይ ኢዩ?
ሀ. ባክተርያ ለ. ቫይረስ
ሐ. ሓሰኻ መ. ኩሉም መልሲ ኢዮም

3. ንድሕሪት ከይተጠወዩ ክርእዩ ዘኽእሉ እንስሳታት ጥቀስ?
ሀ. ሕንጻይ ለ. ሰገን
ሐ. ማንቲለ መ. ሀን ሐን

4. ዕብየቶም ወላ'ውን ድሕሪ ሞት ዘቁጽጽሩ ክፋላት ወዲሰብ እንታይ ኢዮም?
5. ናይ ዳዊት ድሙ ናብ ገዝኡ ካብ ዘምጽኣ ኣብ ወሸጢ ሓሙሽተ መዓልታት 100 ብኸቲ ኣህሊኻ፡፡ እታ ድሙ ኣብ ነፍሰወከፍ መዓልቲ ካብቲ ቅድሚኡ መዓልቲ ዝበልዖቶ 6 ብኸቲ ወሲኻ እናበልዐት ኢያ ወዲኣቶ። እዚ ካብ ኮነ ኣብታ ፋልመይቲ መዓልቲ ክንደይ ብኸቲ በሊዓ?

### መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን

1. መ
2. ሀ
3. ሐ
4. ቫቲካን


## ክሪምያ



ሪፓብሊክ ርእሰ ምምሕዳር ክሪምያ ኣብ ደብባዊ ክፋል ዩክሬይን እትርከብን ንመብዛሕትኡ ሓውሲ ደሴት ክሪምያ (ብዘይካ ሳቫስቶፖል) እተጠቓልልን ኣብ ሰሜናዊ ገማግም ጸሊም ባሕሪ ዝተደኮነት ናይ ገዛእ ርእሳ ምምሕዳር እትውንን ዞባ'ያ። እዛ ናይ ኣስታት 26,200 ትርብዒት ኪሎሜተር ስፍሓት ዘለዋን ናይ ከባቢ ክልተ ሚልዮን ተቐማጦ ስፍራን ዝኾነት ዞባ ካብ ዝሓለፉ ውሑዳት ኣዋርሕ ጀሚራ ዛዕባ ኣህጉራዊ ክርፍስ ኮይና ኣላ። ኑቲ ኣብ ትሕቲ ዩክሬይን ዝነበረት ዞባኦም ናብ ሩሲያ ንምቕያር ብዝጠልቡ ተቐማጦ እታ ዞባ ድሕሪ ዝተላዕለ ናዕብን ዕግርግርን፡ ክሪምያ ብመሰረት ዝተገብረ ናይ ሪፈረንደም መሰርሕ ብ16 መጋቢት ናብ ሩሲያ ብመልክዕ ፈደረሽን ክምዝተንጸበረት ተገሊጹ ኣሎ።
ክሪምያ ካብ 700 ዓ.ም ቅ/ልደተ ክርስቶስ ኣትሒዛ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ትመሓደር ዝነበረት'ያ። ሲመርሳውያን፡ ግሪኻውያን፡ ሮማውያን ከምኡ ድማ ድሒሮም ብዝመጽኡ ከም ንግስነት ኦቶማን (ቱርኪ)፡ ንግስነት ሮማ ዝኣመሰሉ ሓይልታት ተገዚኣ ኢያ። ጸኒሓ እውን ብጀርመንን፡ ሩሲያን ዩክሬንን ተመሓዲራን ትመሓደርን ኣላ።
ጥንታዊ ስም ክሪምያ "ታውሪካ" ዝብል ኮይኑ እዚ ሒዛቶ ዘላ ስም ድማ ቡቶም ንዘበዝሐ ክፋል ናይቲ ዞባ ሒዞም ዝነበሩ ብክሪምያን ታታርስ ዝጽወዑ ነበርቲ ክሪምያ ዝተዋህባ ስም ኢዩ።
ኣብ ዝተፈላለዩ ውግኣት ደጋን ተወጋእቲ ሓይልታት ዝነበረት ክሪምያ ኣብ ግዜ 2ይ ኩናት ዓለም ብርኩት ዝበሉ ደማውያን ውግኣት ተኻይደምላ ኢዮም። ብናዚ ዝምርሑ ሓይልታት ጀርመን ኣብ 1941 ኣብ መጻብቦ ናይዚ ዞባ ኣዝዩ ከቢድ ክሳራ ከምዝወረዶም ይፍለጥ። ድሒሩ'ውን ዞባ ክሪምያ ኣብ ትሕቲ ሓይልታት ናዚ ድሕሪ ምውዳቓ ኀቦታት ክሪምያ ብ1944 ናጻ ክኀብ እትወጽእ ከም ጽኑዕ ዕርዲ ሩሲያውያንን ሓገዙቶምን ኮይኑ ኣገልጊሉ ኢዩ።
ድሕሪ ምዝዛም 2ይ ኩናት ዓለም መብዝሕትኦም ተቐመጥቲ ክሪምያ ዝነበሩ ክሪምያን ታታርስ ካብታ ዞባ ብትእዛዝ መንግስቲ ሕብረት ሶቬት ተባሪሮም ናብ ኀረቤብቲ ሃገራት ክኸዱ ተቐሲቦም። ምኽንያት መስጎኦም ድማ ኣብ ግዜ 2ይ ኩናት ዓለም ምስ ሓይልታት ናዚ ወገኖም ዝብል ኢዩ ነይሩ። እዞም ተቐማጦ ኣብ ዝተፈላለያ ኀረቤብቲ ሃገራት ክኀብሩ ዝጀመሩ ኮይኖም ናብ ሃገሮም ከይኣትዉ ንዓመታት ተኣጊዶም ድሕሪ ምጽናሕ'ዮም ድሕሪ ምውዳቕ ሕብረት ሶቬት ኢዮም ናብ ክሪምያ ክምለሱ ክኢሎም።
ኣብ 1954 ላዕለዋይ ባይቶ ሕብረት ሶቬት ኣብቲ ብኢጋጣሚ መበል 300 ዓመት ዩክሬን ናብ ሕብረት ሶቬት ዝተጸንበረትሉ ጽንብል ሓደ እማመ ብምእዋጅ ክሪምያ ካብ ምምሕዳር ሩሲያዊ ክፋል ሶቬት ወጺኣ ናብ ምምሕዳር ዩክሬናዊ ክፋል ሶቬት ክትሰጋገር ኣዊጁ። ኣብዚ ግዜ እዚ ዋና ጸሓፊ እቲ ሕብረት ዝነበረ ኒኪታ ክሩስቸቭ ዩክሬናዊ መበቆል ከም ዘለዎ ይፍለጥ።
ኣብ 25 ዝተፈላለዩ ኣውራጃታት ዝተመቐለት ክሪምያ ናይ ገዛእ ርእሳ ምምሕዳር ዘለዋ ኮይና 100 ኣባላት ዘለውዎ ላዕለዋይ ባይቶ ድማ ትውንን። ካብቶም ተቐማጦኣ እቶም ዝበዝሑ ሩሲያውያን ክኾኑ ከለው ዩክሬናውያንን ክሪምያን ታታርስን ድማ ንዕኦም ተኸቲሎም ይስዕቡ። ብተወሳኺ ድማ ቤላሩሲያውያን፡ ኣርመናውያን፡ ቡልጋርያውያን፡ ፖላንዳውያን፡ ግሪኻውያን ገለ ካብቶም ኣብታ ዞባ ዝርከቡ ኣህዛብ ኢዮም።
ኣብዛ ማእከላይ ኩነታት ኣየር ዝረኣየላ ዞባ፣ ቱሪዝምን ሕርሻን እቶም ቀንዲ ቁጠባውያን ጽላታት ኢዮም። ብዘለዋ ምቹእ ክሊማን ትውንኖ ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣን ክሪምያ ንቱሪዝም ምቹኣት ካብ ዝኾና ቦታታት ሓንቲ'ያ። ዝበዝሑ ኢንዱስትሪያውያን ንጥፈታት ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ናይታ ዞባ ዝካየዱ ኮይኖም፡ ምህርቲ መግቢ፡ ስርሓት ሓጺን፡ መካኒካዊ ምህንድስናን ናይ ዕደና ንጥፈታትን እቶም ቀንዲ ንጥፈታት ኢዮም። ክሪምያ ሓያሎ ናይ ባህርያዊ ጋዝ ጸጋ ዝርከብ ኮይና ኩሎም እዞም ቦታታት ድማ ምስቲ ካብ ሩሲያ ናብ ዩክሬን ዝዝርጋሕ መስመር ሻምብቆ ዝራኸቡ ኢዮም። መብዝሕትኦን ከተማታትን ዓድታትን ክሪምያ ናይ መጓዓዝያ መስመር ዘለወን ኮይነን ኣብ ዓለም እቲ ዝነውሐ መስመር ናይ ትሮሊ ባስ (ብኤለክትሪክ እትኸይድ በዓልቲ ኣርባዕተ መንኮርኮር መኪና) ዝርከባ ኢያ። እዚ ካብ ሲመሮፖል ናብ ያልታ ዝተዘርግሐ መስመር 96 ኪሜተር ንውሓት ኣለዎ።

## ዞባታት ግዜ

እንኩብረላ ፕላኔት ምድሪ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ፕላኔታት ካብ ቅናት ጸሓይ ከይወጸት ኣብ ዙርያኣ ዑደት ትፍጽም ኢያ። እዚ ሓደ ዓመት ዝውድእ ዑደታ (revolution) ኣብ ትፍጽመሉ እዋን ኣብ ገዛእ ርእሳ እናተሓንበበት ኢያ ትፍጽሞ። ንሓደ ኣብ ገዛእ ርእሳ ትፍጽሞ ዙረት (rotation) ከተካይድ 24 ሰዓታት ይወስደላ። እዚ ናይ ገዛእ ርእሳ ዑደት ድማ ጠንቂ ተርእዮ ቀትርን ለይትን ምኻኑ ይፍለጥ። ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዓለም ብርሃን ጸሓይ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜያት ናይ መዓልቲ ይረኽባ፡ እዚ ማለት ድማ ኣብ ገለኦ ኣብ ትበርቀሉ እዋን ኣብቲ ካልእ ክፋል ትዓርብ ማለት ኢዩ። ቀደም ዘመን ሰባት ግዜ ንምፍላጥ ንምብራቕን ምዕራብን ጸሓይ ኣብ ግምት ብምእታው ይእምቱ ምንባሮም ይዝከር። ምስ ዝርጋሐ ብዙሒ ህዝብታትን ምድኻን ከተማታትን ዓድታትን ከምኡ ድማ ቕልጡፍ ናህሪ ምዕባለ መራኸቢታትን መጓዓዝያን ኣብ ግምት ብምእታው ኣገዳስነት ግዜ ብልክዕነት ንምግላጽ ሓደ ቀዋሚ ናይ ግዜ መወከሲ ክህሉ ተደልዩ። ነዚ ንምትግባር ድማ ሓደ መፍትሒ ሓሳብ ንምቕራብ ተጀሚሩ። ብርኩት ዝበሉ ናይ ኩነታት ኣየርን ክሊማን ተመራመርቲ ንኩነታት ክሊማ ናይ ሃገራቶም ብምውካስ ሓደ ሓደ ፈተነታት ድሕሪ ምካይዶም ኣብ መወዳእታ ኣብ ሓደ ሓሳብ ተበጺሑ።
መሬት ኣብ ገዛእ ርእሳ ኣብ እትሕንበበሉ እዋን ኣብ ሓደ ሰዓት 15 ዲግሪ ስፍሓት ሕንጻጽ ዝንግሪር (ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ናይ ግሪንዊች ዘሎ ሕንጻጽ - longitude) ትሸፍን። ነዚ ምርኩስ ብምግባር ነቲ 360 ዲግሪ ስፍሓት ናይ መሬት (ንስፍሓት ናይ ሓደ ዙርያ ብምውካል) ኣብ 24 ዝተፈላለየ ዞባታት (zones) ብምምቃል፡ ነፍስወከፍ ዞባ ናይ 15 ዲግሪ ስፍሓት ሕንጻጽ ዝንግሪር ከምዝሸፍን ተገይሩ። መበገሲ ወይ ከም መወከሲ ነጥቢ ድማ እቲ ማእከላይ መስመር ናይ ሕንጻጽ ዝንግሪር ዝኾነ ግሪንዊች ክኸውን ተወሲኑ። በዚ መሰረት ድማ 12 ክፋላት ንወገን ምዕራብ ካልኦት 12 ክፋላት ድማ ንወገን ምብራቕ ናይ ግሪንዊች ተኸፋፊሉ። በዚ ድማ መሬት ኣብ 24 ዝተፈላለዩ ናይ ግዜ ዞባታት ከምእትኸፈል ተገይሩ። እተን ዞባታት ኣብ መንጎአን ናይ ሓደ ሰዓት ፍልልይ ዘለወን ኮይነን ኣብ መንጎ እታ ምብራቓዊ ሜፍ ትርከብ ዞባን ሞራባዊ ሜፍ ትርከብ ዞባን ዘሎ ናይ ግዜ ፍልልይ ድማ ናይ 24 ሰዓት ወይ ድማ ናይ ሓደ መዓልቲ ይኸውን ማለት ኢዩ።
ብመሰረት እዚ ክልሰ ሓሳብ እቲ ብ0 ዲግሪ ዝጽዋዕ ቦታ ግሪንዊች መወከሲ ናይ ግዜ ዞባ ኮይኑ፡ ካብዚ ዞባ ንምዕራብ ዝርከብ ናይ ግዜ ዞባታት ኣብ ነፍሰወከፍ 15 ዲግሪ ናይ ሓደ ሰዓት ምጉዳል እናኣርኣያ ክኸዳ ከለዋ፣ ብኣንጻሩ እተን ንወገን ምብራቕ ዝኸዳ ዞባታት ግዜ ናይ ሓደ ሰዓት ወሰኽ እናገበራ ይኸዳ። በዚ መሰረት ግሪንዊች ታይም (GMT) መበገስን መወከስን ግዜ ክኸውን ከሎ ንወገን ምብራቕ GMT + እናበለ ክቕጸር ከሎ ንወገን ምዕራብ ድማ GMT - እናበለ ይቕጸር። ንኣብነት ኣብ ግሪንዊች ሰዓት 10 ቅድሚ ቀትሪ እንተደኣ ሂልዩ ንወገን ምብራቕ ኣብ ዘላ ቀዳመይቲ ናይ ግዜ ዞባ ሰዓት 11.00 ቅድሚ ቀትሪ ክህሉ ከሎ ኣብታ ቀዳመይቲ ምዕራባዊ ዞባ ድማ ሰዓት 9.00 ቅድሚ ቀትሪ ኣሎ ማለት ኢዩ።








# "መን'ዩ ስምካ ሽኰሪና?"

ንእግሪ መገዲይ

ሰመረ ፍስሃየ

ኣብ'ቲ ቤት-እንግዶት ብዙሓት ሰባት ጸዋእ ሻሂ፣ ጸዋእ ጸባ፣ ዕታሮ ጠራሙዝን ንዓኡ ዝመስልን ክቋደሱ ጸንሑኒ። መብዝሕትኦም ንሓድሕዶም ሰላምታ ክለዋወጡ ርእየዮም። ናይ ወትሩ ተኣንገድቲዮም ዝመስሉ። ኣብ ዕዮ ውዒለ ዝቐጸ ጒሮሮይ ከጥልል ቢለ'የ ኣላጊሰ። ኮፍ ከይበልኩ ግን ናብዮት ዝወሓዶን ዝሃርፍን ህጻን ክፋኡ ከይሰተረ ናባይ ገጹ ክመጽእ እንክሎ ተዓዘብኩ። እንታይን ምእንቲ ማለትን ይመጽኒ ምንባሩ ኣይሰሓትክዎን። ክሳዱ ናብ ሓደ ሸንኽ ኣዘቢሉ ርስሓትን ዘይምቹእ ኩነትን ዘቘርፈዶ ኣእዳዉ ለኣኸለይ። ኣነውን ቈላሕታ ልኣኽኩሉ። ቋንቋ ምልክተይ ኣይተረድኦን፡ ኢሉ ግዲ ሓሲቡ፡ 'እ-እ-እ 'ኣቦ' ጠምየ ኰይነሲ ቅርሺ'ባ ሃበኒ'

ቅርሺ ከይህቦ ቅድሙ-ኩኑት ከቕርብ ኣይደለኹን። የግዳስ እታ ዝህቦ ቅርሺ ፈውሲ ስእነት ድያ ፈውሲ ጥምየት ድያ ፈውሲ ወልፊ ክሳዕ ዘይበርሃለይ ምላስ ከይሃብኩ ቀውታይ ቀጸለየ።

'መልሲ ምስኣን ንቡር ወሲደዮ፡ ሰማዒ ምስኣነይ እየ ምቕባል ስኢኖ' ብዘስምዑ ዝማህመነ ምምሽኻን ተኹብለይ። ጠመተኡን መንገዱን ድማ ናብ ካልኦት ሰደደ። ንዚያዳ መግለጺ እንታይነቱ ስለዝተሃንጠኹ፡ ዝደልዮ ሂበ ኣብ ጥቓይ ኮፍ ኣብልክዎ። ስሙ ክነግረኒ ተማሕጺኖ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኣእዛነይ ዘይበጽሐት ስም ደጊሙለይ። 'ኣርኢያ'፡ 'ግርኣዮ'፡ 'ኣስተርእዮ' ዝብሉ ቃላት ኣብ ሰብ ክለግቡ ኢጋጢሙኒ ኣሎ። እንተ 'ትርኢት' ትብል ሲያመ ግን ካብቲ ህጻን እየ ሰሚዐያ ።

"ጥዕምቲ ስም ኣላትካ። መን እዩ ኣውጺኡልካ?" ሓተተክዎ።

'ስም ደአ ይወጽእ ደዩ?' ኢሉኒ። ኣብይ ከም ዝሰማዕክዎ ምንጻር ኣብዩኒ እምበር፡ 'ህጻን ሰብ ኣይኰነን' ዝበለ መስተውዓሊ ሰሚዐ ኣሎኹ። እታ ሕቶኡ ካብ ዓቕመይ ንላዕሊ ድያ ንጒነይ'ሲ ናብ'ቲ ዘይርእዮ ትሕቲ ዓቕመይ፣ ኢለ ምስ ነፍሰይ ክሳዕ ዝዛተ፡ ትኹረቱ ከይቀንሰ ተመልኪቱኒ። እንታይ ደዩ መሰሉካ 'ትርኢት' ምቁር፡ መን'ዩ 'ትርኢት' ዝበለካ?' ሕቶይ ቀጸልኩ።

'ብዘይካ ማማን ሓንቲ ሰበይቲን ኩብለኒ ዝሰማዕክዎ ሰብ የለን።'

'ማማኻ ኣበይ ድያ ዘላ?'

'ማማ ደኣ ሞይታ!'

'ሓሚማ ድያ ሞይታ?' ልበይ ፈግፊጉ እናሃለወ።

'ኣታ መን ሸም'ኻ? ሞይታ ዘይበልኩ! ሓሚማ እንድያ ዝበልኩ።'

'ወይለይ ዘይሰማዕክዎ ደየ ተዛሪበ፣ ኣይትሓዘለይ 'ትርኢት'፡ ሞይታ ዝበልካ መሲሉኒ ጸኒሑ። እሞ ስለ ዝሓመመት እያ ንዓኻ ልኢኻትካ?' ዘይበለኒ ከይደግም እናተሰከፍኩ።

'ሕጂ'ስ መን ሓሚማ ኢሉካ ደዩ?' ድርቅና ዝተሓወሶ መልሲ ሂቡኒ።

'ትርኢት' ብሰንኪ ወስላት መልሓሱ፡ ካብ ህጻን ናብ ሰብ ክሰግር ተዓዚበ። ድሕሪዚ ዝሓቶን ዝጥርንፎን ኣጸቢቐ ክፈልጦ ከምዘለኒ እናተኣማመንኩ፡ 'ሓራይ ትርኢት ስምኣቦኻ ንገረኒ?' በልክዎ።

'ኣቦ ሓደ ደዩ፡ 'ኣቦ ዘመድ ደዩ፡ 'ኣቦ ሰብ ደዩ' ዝብላ ሰለስተን ልዕሊ ብዙሕ ሰለስተታትን ዝኾና ተገራጨውቲ ሕቶታት ኣዝዘብለይ። ሓይሊ ጥጅእ ቀጥዐ ከም እሳተ-ጎመራ ንኣኻውሕ ትዕግስቲ ውሽጠይ ፈናቒሉ ከወጽእ ናይ ቁሩብ ካልኢት ተሪፍዎ ነይሩ። ክብደት ካብ 'ትርኢት' ክፈልጦ ዝደሊ ፍቕሪ ልቦና ግዲ ዛይዱ፡ ወዮ ክሉቱግ ዝተሃንደደ ቀጥዑ ከም ማይ ንሓዊ፡ ጠሸሽ ኢሉ ነዲሩ ቀዘፈ።

ካብቲን ዘልዓለን ሕቶ ነታ ቀዳመይቲ ወሲደ፡ 'ክንዳይ 'ኣቦ' ዲኻ ትፈልጥ?' ቀጸልኩ። 'እቶም ኩሎም ሰልዲ ክህቡኒ ዝልምኖም 'ኣቦ' ምስ በልክዎም እንድዮም ሰልዲ ዝህቡኒ? ምሽ ከማን 'ኣቦ' ጠምየ ኮይነሲ ቅርሺ ሃበኒ ኢለካ?' ፍጹም ስዕረት እናወረረኒ፡ ዘይርስዕ ህጻን ዶ ተጓነፈኒ? በልኩ ብውሽጠይ። ቀጺለ ጥንቃቐ ዝዓብለሎ ሕቶ ኣስዓብኩ፡'እሞ ገለ ዝፈልጠካ ሰብ እንተረኺቡካ፡ ወዲ መን ይብለካ?' እተን እንገራ ዝህባና ሰበይቲ : 'ትርኢት ፍርቱና' ይብላኒ ። 'ብራቮ ትርኢት ማማኻ ፍርቱና ደዩ ስማ?' እወ። ምልኣት ዝሓተትክዎ ነጥብታት ዝረኸብኩ እናመሰለኒ፡ ወዮ ስም ዘውጽኣት ዘይኰኑትስ፡ 'ዘእተወት' ፍርቱና ምኳና ኣረጋገጸ። ግናስ ምስ ዓበየ ንሕቶታቱ መልሲ ከይስእነሉ ስክፍታ ኣሎኒ።

ኣብ'ዚ ዓድና ኣቦኦት ሰፊሕ ቦታ ሒዙ ኣስተውዒለ ኣሎኹ። ብኣንጻሩ ኣብ ካልእ ዓዲታት፡ ዝያዳ ኣቦኦት፡ ኣደኦት ዘገድሶም ኸአ ኣለዉ። መስመያ ንኣቦ ዝተውሃበሉ ኣገጣሚ መዓስ እዩ? ሓደ እዋን ናይ ታሪኽ መምህርና ዝ ዝስዕብ ተባህለ ነጊሩና። 'ቀደም ዘመን ኣቦታት ይሃድኑ፡ ኣደታት ድማ ኣብ ቤት ንደቀን ይናብያ ነይረን። እቶም ንሃድን ዝኸዱ ኣቦታት ብኣራዊት ስለዝህደኑ፡ እቶም ህጻውንቲ መስመያ ኣደ ይሕዙ። ኣነባብራ ደቂ ሰብ ካብ ሃድን ናብ ማሕረስ ምስ ተለወጠ ግና፡ ወዮም ብኣደኦም ዝጽውዑ ዝነበሩ፡ ናብ ስም ኣቦ ሰጊሮም ይባሃል' ኢሉና። ለከ ኣነባብራ እዉን መስመያ ይቕይረልካ እዩ።

ካብ ፍጡራት ከም ጫቕሒት ገይሩ፡ ኣቦኡ ዘይፈልጥ ኣይረኣኹን ኢለ፡ እናተገረምኩ "ጫቕሒት ኣደኻ ሞይታ" ምስተባህለ "ቀደም ብጽፍረይ ሎሚ ብጽፍረይ" ዝበሎ፡ ካብ ምግራም ጸፊዑ ኣውጺኡኒ። መቐረት ኣቦ ስኢኑስ፡ ሕቝፎ ኣደ እዉን እንተዘይረኸበ ከም ዘይግድሶ እንክገልጽ ኣይዓጀቦን። ከምኡ እናኾነ ማይ ጨሊጡ ንሰማይ የንቃዕርር። ንሳ ከይክልኦ ሃረር እናበለ የምስግን። ግና ከመይ ኢሉ መመስገኒን ዘይግድሶን ክኸውን ክኢሉ?

ልዕሊ ኹሉ "ሓንቲ ዓደይ፡ ሓንቲ ኣደይ" ዝበለ ተላዛቢ ንልበይ ኣሰኒፍዎ። ህጻን ትርኢት'ውን ኣብ'ዚ ምስጢር ኩቱት እዩ። 'ንደየት'፡ ንኣእምሮኡ ዝደፈኖ መሲሉኒ እምበር፡ ኣይከምተጸበኹዎን። ምእዙዝ ክንክን እናኾብኩ፡ 'ትርኢት ምስ ማማኻ ደኣ ዘይትላልዮኒ?' ኢለ። 'ሓራይ በዚ ኣንጎሎ እንድያ ዘላ።' ልቡ ግዲ ከፊቱለይ ግሩህ ሓበሬታ ሂቡኒ። ካብ ንቕሎኡ ከይተጣዕሰ ክሽዕብሉ መታን ሕሳበይ ንቤት እንግዶት ኣረከብ፡ ንህጻን ትርኢት ኣምሪሐ ንቕድመይ ኣንዊሐ ሰጕመ። ማዳ ኣብ መልክዓ ዝተወሃሃደ ጎርዞ፡ ኣብ ሓንቲ ዘይጽፍፍቲ ኩርናዕ ተቐሚጣ ጸኒሓትኒ። መቓምጠኣ መደንገጽ ንምኳን ዘዳለወቶ ቅዲ ኰይኑ ስለዝተሰማዓኒ፡ ናብ ጽሩይ ቦታ ዘይተላግስ ኢለ ብውሽጠይ ነቒፈያ።

'ሰላም እዛ ሓብተይ ትርኢት ወድኺ ደዩ?' በልክዋ።

ሕቶይ ዓቕብ ዝኣፉ ግዲ ኰይንዋ፡ 'ንዓ ኣታ ስዲ እንታይ ሰሪቕካዮ?' ኩተንጥጠሉ ጀሚሩ። 'ሰሪቑኒ ማለተይ ኣይኩንኩን ንሱ ዝሃበኒ ሓበሬታ ክምርምር ስለዝደለኹ እየ' ክህድኣ ዝፈተልክዎ ቃላት ስለዘይዕገበ፡ ንህጻን ትርኢት መግናሕቲ መሪር ቓላት ኣሸንበበትሉ።

'እንተዘይተጋግየ ፍርቱና ደዩ ስምኪ?' ከምኣመለይ ህንጥዩነት ነውጊዉኒ።

'እወ ጽቡቕ ኣሎኻ።' መሊሳትለይ።

'እሞ ፍቓደኛ እንተኼንኪ ከዕልለኪ ምደለኹ?'

'ኣታ ሓወይ እንታይ ስራሕ ስኢንካ ምሳይ ኩተዕልል?' ኣይረብሕን'የ ዝብል ኣጠማምታ ከምዘላዕጠጣ ቀልጢፉ ተረዲኡኒ። እቲ ዝበልክዮ ብዘየገድስ፡ ድፍረት ከይቖጸርኪ ብዛዕባ ቅድመ-ታሪኽኪ ኩተስፍሕለይ ምደለኹ' 'ኣየናይ ጣዕሚ ዘለዎ ሕይወት መሪሐ እየ እሞ ከስፍሖን ክትንትኖን?' 'ግዜኻ መታን ክትቑጥብ ካባይ ካብ ዘይትጠቅም ፍጥረት ትረኽቦ ነገር የልቦን' 'ስምዕኒ ፍርቱና እዚ ኹሉ ኣብ ግምት ከየእተኹ ምሳኽን ምስ ውላድክን ኣይምተዓኳደኩን! ሕጂ'ውን ዳግማይ ፍቓድኪ ክሓትት?' 'ካብ በልካስ ሐራይ'

እዚ ምስ ሰማዕኩ ናብ ካልእ ቦታ ክንግዕዝ ተሰማሚዕና።

ኣነ ከም ትርኢት ካብ ዝውለድ ኣይኰንኩን ለማኒት ነይረ። ብሰንኪ ናተይ ጉድለት፡ ኢላ ክትቅጽል እናሓሰበት፡ ኣብ መንጎ ከሊፋያ። 'ካብ ዝወለዱኺ ስድራ እባ ጀምርለይ?'

ስድራይ ማእከላይ ናብራ ነይርዎም። ኣርባዕተ ውላድ ድማ ፈርዮም። ኣነ ምንኣስ ቦኽሪ እየ። መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣብ ጥቓ ገዛውትና ተማሂረ። ካልኣይ ደረጃ ኣብ ዝሰገርኩሉ ወላዲትና ብሃንደበታዊ ሕማም ተፈሊያትና.. .

ዛንታ ቀጺሉ፡ ካብ ሞት ወላዲታ ንድሕሪት ናብራኣ እናሻሕከረ ከም ዝኸደ ሓቢራትኒ። ኣብ ትምህርቲ ዘለዋ ተገዳስነት እናኣንቆልቈለ ክኸይድ ከሎ ምስ ወላዲኣ ምጒርፋጥ ልሙድ ዕዮ ገዛ ኰይኑ።

ንሳ ኣቦይ ከንብበኒ ኣይክ ኣለን ትብል። ትምህርታ ኣብ ዓስራይ ክፍሊ ኣቋረጸቶ። እኩብ ድምር ምትፍናን ናብ ህልኽ መሪሕዋ። 'ህልኽ ላማ የውሕጥ' ከም ዝበሃል፡ ምስ ወዲ ክፍላ ዝነበረ ህቡብ ተጫራቒ፡ ፍቕሪ ጉብዝን ጉርዞን ጀሚሩ። ነዊሕ ኣብ ዘይኰነ ግዜ ትምህርቲ ቀጺዕና እናበሉ ክዕንድሩ መሪጾም። ትምህርቲ ደዩ ተቐጺዑ ወይስ ንሳቶም እዮም ተቐጺዖም? ግን እንድዒ። ወዮ ኣፍቃሪ ዝተሰመየ ናብ ካልኦት ዘይዓንደራ እንክቋምት፡ ኣብ ግዜ ዕንደራ ዝተዘርአ ፍሬ፡ መዓልቲ ጸብጺቡ ክበቀል ዘየላቡ ክስተት ኰይኑ። ንሱ ብኣ ኣቢሉ ተሰዊሩ። ፍርቱና ድማ ኣብ ረምበዞ ወዲቓ።

ዘይተወጠኑ ትርኢት ዝሰመየቶ ውላድ ተቦኲራ። ኣፈፍኖት ናብራ ዘርእያ ኣይረኸበትን እሞ ሓንቲ ክትፍጽማ ዝኸኣለት ጉልባብ ምቕላዕ እያ ነይራ። ሞያ ጉልባብ ምቕላዕ ኣታዊ እምበር ወጻኢ ዘይብሉ ወፍሪ ዝብልዎ ብዙሓት እዮም። ካብ ትጀምሮ ሸውዓተ ዓመት ደፊና። ገጽ ዘዕበያ ስድራ ካብ ዘይትርኢ ድማ ሕልፊኡ። ፍርቱና ከም ትርጉም ስማ ንዕድል ምስ ቀልዓት ጉልባብ ኣተሓሒዛቶ። ጉልባብ ፍልጠት፡ ጉልባብ ክብረት፡ ጉልባብ ስድራ፡ ጉልባብ ሕብረተሰብ፡ ጉልባብ ሕልና ኣብ ኣእዋት ቀሊዓቶ።

ካብ መዓልቲ ሌላና ንደሓር ምንጾት እናገንፈለ ኣሸጊሩኒ። ስራሕ ኣናድያ ኣብ ምጽራግ ሳእኒ "ሊስትሮ" ተዋፊራ፡ ብዝዋሓደ ካብ ጽምዲ ሳእኒ ሓሙሽተ ቅርሺ እናረኸበት፡ ናብራኣ ክትኣሊ ተራእያትኒ። እቲ ራእይ ዕድላ ክርእየላ እተሓስቦ ትርኢት ዝሰመየቶ ውላዳ ድማ፡ ዘይከምቲ ለሚኑ ከምጻኣላ እትደልዮ፡ ኑቲ ከሲርዎ ዘሎ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ዕድሉ፡ ቀዳማይ ክፍሊ ኣትዩ ተኻሒሱ ክትርእዮ ብዙሕ ተመንዩ። ትርኢት ኣብ መጻኢ ኑቲ ዝቐለዓቶ ዓበይቲ ጉልባባት ክቐልዕ ይኽእል ከምዝነበረ ስለዘበርሃለይ ድማ ኣብ መወዳእታ ሓንቲ ሕቶ ሓቲትክዋ።

'ፍቓድኪ እንተኾይኑ፡ ንትርኢት ናብ ቤት-ትምህርቲ ከመዝግቦ?"

ፍርቱና ፈቒዳትለይ። ኣነን ትርኢትን ተተሓሒዝና ከይድና።

# ንግደት ውቃው . . .

ሜሪ መሓሪ

እቶም ንክኸይድ ዕድመ ዘቕረቡለይ ነዚ ጽሑፍ እንተኣንቢቦሞ ዘለኒ ውርደት መቸም ኣይትስምዕዎ። ኢልናኪ እንዲና! ለሚናኪኪ! እናበሉ ልበይ ከጥፍኡለይዮም። ካብ'ቲ መገሻ ቦኹረ ክውዕል ደስ ኢሉኒ ግን ኣይኮንኩን ተሪፈ፡ ዘየኸይድ ኩነታት ሰለ ዘብረኒ'የ። እምበር፡ ኣብ'ቲ ሰፈር ታሪኽ ዝኾኑ ብዛዕባኡ ክሰምዑ ዛንታታቱ እናተቐጀሉ፡ ዝኮብዑ ዝስሕቑ፡ ዝሕበን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኮይኑ መበል 30 ዓመት ዝኸሪ ምድምሳስ ውቃው እዝ ኩበዕል ከመይ ኢለ ክጸልእ።

እቲ ቦታ'ቲ ቦታ ሰብ ቀረባይን ርሑቓይን ምንባሩ ተዘንትዩለይ ዘይጸገበክዎ ታሪኽዩ። ቦታ ጽንዓቶም ቦታ ቃልሶም ቦታ ስንክልናኦም ቦታ መስዋእቶም ቦታ ጸወታኦምን ሰሓቖምን ቦታ ራኢኦምን ተስፋኦምን እንደዩ ኔሩ። እዚ ሕጂ ዝኑበረሉ ዝዕንድረሉ ዝስሕቀሉ ከም ድሌተይ ዝኾነሉ ነጻ መሬት ውላድ'ቲ ኣብ ሳሕልን መሰልቱን ዝሓለፍዎ ስቓይን ዝኸፈልዎ ዋጋን እንደዩ። ሕጂ፡ ሕጅና ንኸትከውን ዝተሓልፈ ሂወት ቀሊል ሰለ ዘይኮነ እንዲና ዝኽሪ'ቲ ስርሒት ኣብዒልና ዘለና።

እዚ በዓል ንምኽባር ዝተኸደ መገሻ ንህዝበይ ተራ ንግደት ኣይነበረን። እቶም ዝፈልጥዎ ዝበገሱ ዝነበሩ ሰባት እውን ይብሉኒ ኔሮምዮም። ክንከይድ፡ ክንጣገዶም ኑቶም ረሃጽና ዝደግደጎም ኻቦታት ክንጣገደ፡ ኑቲ ደምና ዘለሰሶ መሬት፡ ኣብ ቃልኪም ኣለና ክንብሎም ንስውኣት ብጾት፡ ልዕሊ ኹሉ ግን ተዛኪና ኲሪዕና ዝኸርና ክሓድስ ፍሽኽታናን ቅሳነትናን እንዳርኣና፡ ሰብ ትማሊ ክንበጽሓካ መጺና ኩብሎ ንሳሕል ኢሎሞኒ እንድዮም። ርእየዮም ከኣ ከም ባህጎም ኮይኑሎም።

እቶም መዛኑ - ዓሰከሬን ብጾቶም፡ እቶም ወለዲ - ዓሰከሬን ውሉዶም፡ እቶም መናእሰይ - ዓሰከሬን ሰብ ታሪኽ ኢያታቶምን ኣሓቶምን ሓመድ እንክለብስ ቓዚኖምን ሓዚኖምን ርእየዮም። ሓቆም፡ ሽሕ ግዜ ጀጋኑ ይኹኑ ሽሕ ግዜ ተብዓት ይኹኑ፡ ሰባት እንደዮም ከመይ ዘይሓዝኑ። እቲ ቦታ ዝወሰዶ ኣእላፍ ሂወት ኣብ'ቲ ቦታ ዝተረፈ ክፍሊ ኣካላት ዘየንብዕ መዓስ ኮይኑ። እቲ ፍሉይ ነገሩ ተራ ንብዓት ዘይንብዕ ምኳኑ ጥራይ እንዳሉ። ንስውኣት ዝንብዕዎም ንብዓት ኣብ ውሽጡ ኩርዓትን ሓበንን ኣለዎ፡ምስ ኑብሲ ወከፍ ንደገ ዝፈልስ ንብዓት ንልብና ዘጽንዖን ዘህድኦን። ከምኡ ኾይኑስ እንካ ጽንሕ ኢሎም ሃዲኦም።

ኣብ'ቲ ዝቐጸለ መዓልቲ ብስሩዕ-ጥበባዊ ስርሓት ዝተገብረ ዝኽሪ ክዘሉ ከጣቕዑ ክስዕስዑ ርእየዮም። እንቋዕ ኣሰይ ከምኡ ኮኣልኩም፡ ኮኣልና ከኣ ኢለ። ትማል ሰራሕቲ ታሪኽ ሎሚ ጸንበልቲ ዝኽሪ ካብ ምኳንኩም ዝዓቢ እንታይ ክህሉ ይኽእል። ሕልምታቶም ጋህዲ ኾይኑ ኣብ ራኢኦም እናነብሩ ቃሎም ከይዓጸፉ ትማሊኦም ከይረስዑ ኣሃዱታቶም ነብር ዝተጸሕፎ ማልያታት ጌሮም ክደስቱ ርእየዮም። ቀኒኡ ብዘይቀልዓለም ቀኒኤሎም ዘየቕንኡ ከኣ መዓስ ኮይኖም።

ንእስነቶም፡ ክእለቶም፡ ግዜኦም፡ ድሌታቶም፡ ሕልሞም፡ ባህጎም ኮታ ኩለንትናኦም ንሃገር ንህዝቢ ዝበለሰሓቆም ንብዓቶም ኩርዓቶም ሓበኖም መንነቶም ካብ ህዝቦም ዝምንጩ፡ ኣብ እዋን ሓጎስ ዝዕንድሩ፡ሕማቕ እንክርእዩ ዝንድሩ፡ሰላም ንኽሰፍን ዝጸዓሩ፡ ኩለንታናዊ ውሕስነት ንምፍጣር ዘየዕረፉ ሰባት ዘይቕንኡኒ'ሞ መን ከቕንኣኒ።

ዝን ከኣ'ባ ይብሉ ኔሮም። ኣብ ኑብሲ ወከፍ ናይ ቀደም ዜማ ኣብ ገለ ዝኽሪ ይኣትዉ፡ ብናይ ሓዘንን ሓሳብን ስምዒት ይንዋነው። ሂወት መሳርያም፡ ዕረፍቲ ዘይኣብሮ ዙበዘቦም፡ ሓርኮትኮቶም፡ ዝቐበርዎም ብጾቶም፡ ንእስነቶም ሓይሎም፡ ትማል ዝወሰዶ ጉብዝናኦም፡ ሰሓቖም ጸወታኦም፡ ናይ ድሮ ኩናት ጉዳላታቶም ወይስ ናይ ኩናት ጅግንነቶም ዶስ ዝሰዓርዎ ናይ ጸላኢ ፈኸራ?! ኣብ ኣእምሮኦም እንታይ ይረኣዮም ኔሩ ይኸውን?! ምስ ተለቪዥን ተፋጢጠ'የ ሓቲተ። እንተስ ኩሉ ወይ ገሊኡ ኸኣ ኢሉኒ ውሽጠይ።

መናእሰይ ከኣ ኔሮም ኣብ ከባቢኦም። መዛኖይ። ምስ ኣቦታትን ኣደታትን ሳሕልን ምስ ሰብ ገድሊን ኮይኖም ታሪኽ ዝጸንብሉ። ዛንታታት ዝሞገሩ ጀጋኑ ዘበኖም ክኾኑ ሕድሪ ዝቐበሉ። ንሰም'ውን ብጥደኦም ኣቕኒኦምኒ፡ ኣቡቲ ዘይውዓልኩሉ ዝኽሪ ታሪኽ ተሳተፍቲ ብምኳኖም።

ቅንኣይ ግን ሕማቕ ቅንኢ ኣይኮነን፡ ቅንኣይ ቅዱስ ቅንኢ'ዩ። ቅንኣይ ሕርቃን ተንከልን ዘይኮነ ባህጊ'ዩ ወሊዱ። ባህጊ ወራሲት ሕድሪ ንምኳን፡ ባህጊ ከምቶም ናይ በይነይን ናይ ሃገርን ጀጋኑ ስድራ ንምኳን፡ ባህጊ መንነታን ሕሉፍ ታሪኻን ዘይትረግጽ መንእሰይ ንምኳን፡ ባህገይ ባህጊ ታሪኻዊ መጻኢ ምህላው፡ ድሕሪ ግዜ ከምዚ ሕጂ ኣነ መንእሰይ ወለዶ ዝቐንኣላ ሰራሒት ታሪኽ ንምኳን ወዘተ. ብሓፈሻኡ ባህገይ ኣሰርኩም ንምኽታል'ዩ።

ታሪኽም፡ እወ እቲ ዘጽንሑልና ታሪኽ ወረሰ ሓንቲ ብልጽቲ መንእሰይ ክኾኖም። ምህርቲ፡ ስልጥንቲ፡ በላሕ ንህዝባን ሃገራን ትኸውን ብትኽእሎን ትመልከን ንሕብረተሰባ ተገልግል፡ ራእን ሕልምን ዘለዋ ንድሕሪት ቁሊሕ እናበለት ሕሉፍ ከይረሰዐት ንቕድሚት እተመርሕ ሰብ ክኾኖም ምስ ኑብሰይ ቃል ኣትየ።

ኣብ ጉዕዞይ ዘተባብዓኒ ከይሰእን ኣይተሰከፍኩን፡ ክርእዮም እንደየ ጸኒሐ። ገና ምስ ሓይሎም ገና ምስ ወኖምዮም ዘለዉ። ከውርሱኒ ክድግፉኒ ኩተባብዑኒ ዝስልክዩን ዝደኸሙን ኣይመስሉን። እንቋዕ ጥራይ፡ ውላድ ሰብ ገድሊ ውላድ ህዝቢ ገድሊ ውላድ ዓዲ ታሪኽ ኮንኩ። ካባኹም ብምኳነይ ጥራይ ኩሉ ክከኣል'ዩ።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## መረብ ንቐይሕ ባሕሪ ሰዒራታ

ብዓርቢ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ሊግ ኤርትራ፡ መረብ፡ ንሻምፕዮን ሊግ ኤርትራ ቀይሕ ባሕሪ 2ብ0 ዓወት ብምምዝጋብ ስማ ኸሊዓ።

ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይቲ ግጥም ተመጣጣኒ ዝኾነ ብቕዓት ክንጸባረቕ እንከሎ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ግን መረብ ኣዝያ ዓብላሊት ኮይና እያ ቀሪባ። እታ ኣብ ዞባ ደቡብ እትርከብ ክለብ፡ ኣብ መበል 72 ደቒቕ ብተጻዋታያ ስምኦን ገብረዋህድ መሪሕነት እተትሕዛ ሸቶ ኣመዝጊባ። እዛ ሸቶ'ዚኣ ብዘይካ ተጻወትቲ መረብ ዘርኣይዎ ብቕዓት፡ ንርእሰ ተኣማንነት ስምኦን ዝገለጸት እውን ብምንባራ ፍልይቲ ኮይና ተገምጊማ። ድሕሪ ዓሰርተ ደቒቕ መጥቃዕቲ መረብ ንምክልኻል ቀይሕ ባሕሪ መሊሱ ክበስዕ ተራእየ። ፊልሞን ኪዳነ ድማ ዋና ናይታ ሸቶ ነበረ።

ንሊግ ኤርትራ ብተደጋጋሚ ዝተዓወተትሉ ቀይሕ ባሕሪ፡ ትማሊ ዝተመዝገባ ስዕረት ዋላ'ኳ ካብ መሪሕነት ናይቲ ውድድር እንተዘይኣሊያ፡ ንተጻወትታ ዘሰንብድ ኮይኑ ቀሪቡ ኣሎ። ብመንጽሩ ተጻወትቲ መረብ ዘርኣይዎ ብቕዓት ነታ ዓርሞሸሽ ክለብ ኣዝዩን ሓደት ፈተነታታት ጥራይ ኩተካይድ ቀሲቡ።


ብሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ግጥም፡ ኣስመራ ቢራን ኣልታሕረርን እየን ናይ ደርቢ ኣስመራ ጸወታኦን ኣካይደን። ቀዳሚ ዕረፍቲ ብዘይ ሸቶ ናብ ዕረፍቲ ከምርሓ እንከላ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ግና ተቐይሩ ዝኣተወ ሳሙኤል ሃይለ ኣብ መበል 71 ደቒቕ ንጋንታኡ ዓወት እተሰንቕ ሸቶ ኣመዝጊቡ።

እቲ ካልእ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ዝተኣንገደ ጸወታ ጋንታታት ኣዱሊስን ደንካልያን እዩ ነይሩ። ኣብ ቀዳማይ እብረ ምሉእ ዓብላልነት ዘርኣየት ኣዱሊስ ኣብ መበል 13 ደቒቕ ካብ ሮመዳን ዑመር፡ ኣብ መበል 16 ደቒቕ ካብ መሓመድ ከፊላ፡ ኣብ መበል 26'፡ 69'፡ 87' ካብ ዮናስ ሰለሙን ኣብ መበል 90 ደቒቕ ድማ ካብ ሄኖክ ሰመረ ሽዱሽተ ሸቶታት ኣመዝጊባ። ደንካልያ ድማ ዋላ'ኳ ኣብ መበል 35 ደቒቕ ካብ ስዒድ ዓብደልቃድር ከምኡ ድማ ኣብ መበል 61 ደቒቕ ካብ ኣቤል ዓንደብርሃን ሸቶታት እንተረኸበት ነጥቢ ካብ ምጥፋእ ዓዲ ኣይወዓለትን።

ኣብ ግጥም ከረን ደርቢ፡ ኣልነስርን ኣልሂላልን እየን ገጢመን። ሳልሕ ዑስማን ንኣልሂላል ኣብ መበል 52 ደቒቕ መሪሕነት እተትሕዝ ሸቶ ከመዝግብ እንከሎ፡ ዘርእርማርያም ቀሊታ ድማ ኣብ መበል 64 ደቒቕ ንኣልነስር እተመዓራሪ ኵዕሶ ኣብ ሰኪዔት ኣንጻር ጋንታኡ ኣቐመጠ። ኣይጸንሐን ግን ኤፍሬም ዘርኣም ኣብ መበል 71 ደቒቕ ንኣልሂላል ዳግማይ መሪሕነት እተትሕዝ ሸቶ ኣመዝገበ። ኣብዚ ግጥም'ዚ ክልትኤን ጋንታታት ሓሓደ ተጻዋታዮን ብቐይሕ ካርድ ከሲረን።

ኣብ ኩተማ ምጽዋዕ፡ ሰሜንቶን ማይኣደከሞምን እየን ተጻዊተን። ማይኣደከሞም ካብ ሰሚር ጀማል ኣብ መበል 30 ደቒቕ ብዘቑጸረታ ሸቶ 1ብ0 መሪሓ ንዕረፍቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ሰሜንቶ ካብ ዓብዱ ኢብራሂም ኣብ መበል 53 ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሸቶ ማዕረ ተፈላልያ።

ናብ ባረንቱ እተጓዕዘት ደቀምሓረ ምስ ሰሉማ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም ስዕረት እያ ኣመዝጊባ። ሰሉማ ኣብ መበል 90 ደቒቕ እያ ዮናስ ዑመር ብዘቑጸራ ሸቶ ምሉእ




## ላ'ሊጋ ተጀሚሩ

ግጥም ክለባት ባርሴሎናን ሪያል ማድሪድን ሓደ ካብ ተሃረፍቲ ጸወታታት ዓለም እዩ። እዚ ግጥም'ዚ ኤል ክላሲኮ፡ ኤል ማግኒፊኮ፡ ኤል ሱፕሪሞ . . . ወዘተ እናተባህለ ቅጽላት ክወሃቦ ጸኒሑን ኣሎ። በዚ ድማ ብዘይካ እስጳኛውያን ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ኣፍቀርቲ ኵዕሶ እግሪ ሃንቀው ኢሎም ክጽበይዎ ጸኒሖም።

** ** **

ብቕድሚ ትማሊ ባርሴሎና ናብ ሜዳ በርናቡ ተጓዒዛ ኣብ ዘካየደቶ ፈታኒ ጸወታ፡ ከም ጋንታ ጸብለል፡ ብውልቂ ድማ መሲ ዝሓሸ ኮይኑ ዝቐረበሉ ግጥም ነበረ። ኣብቲ ክሳብ መወዳእታ ደቓይቕ ናይቲ ግጥም ልዑል ህልኽ ዝተራእየሉ ምሸት፡ መሲ ሃትሪክ ብምስራሕ ልዕሊ መዛናኡ ሮናልዶ ክጽዋዕ እንከሎ ጋንታኡ ድማ ብሪያል ማድሪድ ንዝተነጽፈላ ናይ ኣርባዕተ ነጥቢ ናብ ሓደ ኣብ ምውራድ ዕዙዝ ተራ ተጻዊቱ። ማድሪድ ዋላ'ኳ ኣብ ሜዳኣ ናይ 4ብ3 ስዕረት እንተገጠማ፡ ንባርሴሎና ካብ ምምራሕ ግን ኣይተዓናደበንትን።

ውድድር ላ'ሊጋ ቅድድም ክልተ ኣፍራስ እናተባህለ ካብ ዝጽዋዕ ነዊሕ ኮይኑ ኣሎ። ሎሚ ዓመት ግን ኣትሌቲኮ ማድሪድ እውን ናብቲ ቅድድም ብምእታዋ እዘን ዝሰዕባ 11 ጸወታታት ኣዝዩን ኣገደስቲ ኮይነን ቀሪበን ኣለዋ።

ኢኒስታ ነታ ናብ ማድሪድ ዝገሸት ክለብ ኣብ መበል ሻውዓይ ደቒቕ መሪሕነት ኩትሕዝ እንከሎ፡ በንዘማ ድማ ኣብ መበል 20 ደቒቕ ማዕረ ድሕሪ ኣርባዕተ ደቒቕ ድማ መሪሕነት ዘትሕዛ ሸቶታት ኣብ ሰኪዔት ባርሳ ኣቐመጠ። እንተኾነ እቲ ሓጎስ ናብ ዕረፍቲ ዘምርሕ ኣይነበረን። ኣብ መበል 42 ደቒቕ ሊዮኔል መሲ ንጋንታኡ ማዕረ እትገብር ሸቶ ኣመዝገበ። ድሕሪ ዕረፍቲ ድማ ሮናልዶ ኣብ መበል 5 ደቒቕ ብፍጹም ቅላዕ ንማድሪድ መሪሕነት ኣትሓዘ። ድሕሪ ዓሰርተ ደቒቕ መሲ ፍጹም ቅላዕ ስለዝተዋህበ ኑቲ ውጽኢት ኣመዓራረየ። ጸወታ ንኽዛዘም ኣስታት ሽዱሽተ ደቓይቕ ኣብ ዝተረፈሉ፡ መሲ ብፍጹም ቅላዕ ንጋንታኡ እተዐውትን ንደገፍቲ ማድሪድ ድማ ሰቕ እተብልን ሸቶ ኣቑጸረ።

ኣብቲ ርሱን ጸወታ ሰርጆ ራሞስ ብቐይሕ ካርድ ብምውጽኡ ማድሪድ ንምሉእ ጸወታ ብዓሰርተ ተጻወትቲ ክትዛዝም ተገዲዳ።

ዛጊት ተኻይዱ ብዘሎ ጸወታታት ኣትሌቲኮ ማድሪድ ካብ 29 ጸወታታት 70 ነጥቢ ኣዋህሊላ ብጽብለልታ ሸቶ በሊጻ መሪሕነት ናይዚ ውድድር ሒዛ ኣላ። ተመሳሳሊ ነጥቢ ዝሓዘት ጓል ኩተማኣ ዝኾነት ሪያል ማድሪድ ድማ ካልኣይቲ ትርከብ። ብርሳ ብ69፡ ኣትሌቲክ ቢልባኦ ብ55 ከምኡ ድማ ሰቪያ ብ47 ቀዳሞት ሓሙሽተ ክስርዓ ክኢለን ኣለዋ።

### ድሕሪ እቲ ግጥም እንታይ ተባህለ?


ኮኾብ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ክርስቲያኖ ሮናልዶ፡ ንዳኛ እዩ ብልሳኑ ክስሓል እዩ ተሰሚዑ። እቲ ኣጥቃዒ ማድሪድ፡ "እቲ ዳኛ (ኣልቤርቶ ኡንዲያኖ) ብዙሕ ጌጋታት እዩ ፈጺሙ። ነዚ ግጥም ዝበቅዕ ዳኛ ኣብ ሜዳ ኣይነበረን። ብዘዕባ ውጽኢት ክዘረብ ኣይደልን። ግና ፍትሒ ኣይነበረን። ንሕና መሪሕነት ኣብ ዝሓዝናሉ ዳኛ ይርእዩ ነይረ። ገጹ ይቐይሕ ነይሩ። ስምኣኢቱ ይቆጻጸር ኣይነበረን ኣዝዩ ድማ ይሓዝን ነይሩ። ናቱ ሳዕቤን ድማ ጌጋ ውሳኔታት ወሲዱ" ክብል ገጹ ኣሲሩ ሕርቃን ብዝተሓወሶ ቃላት ነዲሩ ተዛሪቡ።

እቲ ተዓዋቲ ወናኒ ሽልማት ባሎን ዲ ኦር ዝኾነ ተጻዋታይ ብተወሳኺ፡ ጸረ-ማድሪድ ኣተሓሳስባ ከምዘሎ እውን ወስ ኣቢሉ። "ብዙሓት ሰባት፡ ሪያል ማድሪድ ክትዕወት ዓይኖም ኣይኽእለሎምን እዩ። በዚ ድማ ባርሴሎና ኣብ ቅልስ ናይ ላ'ሊጋ ክትህሉ ስለዝብህጉ ኩሉ ግዜ ሽርሒ ኣብ ምጽዋድ ይጽመዱ" ይብል ገጹ ብሕርቃ ዝኣሰረ ሮናልዶ።

"ደገፍቲ ክሳብ መወዳእታ ኣብ ጎድንና ኮይኖም ዘበርከትዎ ደገፍ መግለጺ የብለይን - ኣመስግኖም ድማ። ሪያል ማድሪድ ዓባይ ጋንታ እያ። ከም ባርሴሎና ብ12 ተጻወትቲ ኣብ ሜዳ ክትረአ ኣይትደልን እያ። ክሳብ መወዳእታ ድማ ብ11 ተጻወትቲ ዋንጫ ንምውሳድ ክንቃለስ ኢና" ይብል እቲ ፖርቱጋላዊ ኮኾብ።

ኣሰልጣኒ ማድሪድ ካርሎ ኣንቸሎቲ ግን ካብ ሮናልዶ ፍልይ ዝበለ ሓሳብ ሒዙ እዩ ቀሪቡ። እቲ ኣላዩ ብዛዕባ ዳኛ ዝኾነ ሓሳብ ክሁብ ከምዘይደለ ብምግላጽ፡ ንመሲ ክውድስ እዩ ተሰሚዑ። "መሲ ብሉጽ ተጻዋታይ እዩ" ክብል ድማ ሓጺር ርእይቶ ሂቡ ተኣልዩ።

ንዘረባ ሮናልዶ ቅልጡፍ መልሲ ዝሃበ በንከት እዩ። "ሮናልዶ ሓደ ካብ ብሉጻት ተጻወትቲ እዩ። ንሱ ንዳኛ ክውንጅል ጸቡቕ ኣይኮነን። ዳኛ እቲ ቅኑዕ ውሳኔ ወሲዱ ኣሎ። ግደ ሓቂ ንምዝራብ እቲ ንሱ ዝተዋህበቶ



ፍጹም ቅላዕ እውን ኣካታዒት እያ' ክብል ተዛሪቡ።

### ንገለ ጸብጻባት ምስ እንዕዙብ

ኣብ ግጥም ላ'ሊጋ ሊዮኔል መሲ 21 ሸቶታት ብምምዝጋብ ኑቲ ኣርጀንቲናዊ ኣልፍሬዶ ዲ ስቴፋኖ ንዝተታሕዘ ክብረ ወሰን ክሰብሮ ክኢሉ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ 25 ጸወታታት ኤል ክላሲኮ 21 ሸቶታት ኣንጻር ሪያል ማድሪድ ዘመዝገበ መሲ ኑቲ ኣብ 30 ጸወታታት 18 ሸቶታት ዘቑጸረ ስቴፋኖ ብምብላጹ ብብዙሓት ተወዲሱ። ብተወሳኺ እቲ ኣርጀንቲናዊ ቁንጹብ ተጻዋታይ፡ ዛጊት ኣብ ዘካየዶም 267 ጸወታታት ላ'ሊጋ 235 ሸቶታት ብምምዝጋብ ካልኣይ ዝበለጸ ኣመዝጋቢ ኣብዚ ውድድር'ዚ ኮይኑ ጋንታኡ ንዝሓዘቶ ታሪኽ ከሐድስ ክኢሉ ኣሎ። መሲ፡ በቲ ብቕድሚ ትማሊ ዘመዝገቦ ሸቶታት ኑቲ ሆጎ ሳንቸዝ (ኣብ 347 ጸወታታት 234 ሸቶታት ኣመዝጊቡ) ዝሓዞ ክብረ ወሰን በሊጹ ኣሎ። ተልሞ ዛራ እቲ እንኮ ንመሲ በሊጹ ዘሎ ተጻዋታይ እዩ።

ብወገን ሪያል ማድሪድ፡ ሮናልዶ ብቕድሚ ትማሊ ዘመዝገባ ሸቶ መበል 243 ሸቶ ኮይና ተቖጺራ ኣላ። እዛ ሸቶ ድማ ኑቲ ብፑሽካሽ ንዝተታሕዘ ክብረ ወሰን ክሰብር ኣኽኢልዎ ኣሎ። ሃንጋርያዊ ፑሽካሽ ኑቲ ክብሪ ክረክብ 11 ዓመታት ስፖርት ክወስደሉ እንከሎ፡ ሮናልዶ ግን ሓሙሽተ ዓመታት ጥራይ ኣቑጺሩ ኣሎ። ሮናልዶ ንክብረ ወሰን እታ ጋንታ ክሕዝ ኣብ ቅድሚኡ ሰለስተ ተጻወትቲ ኣለው።

መሲን ሮናልዶን ብሸቶታት ምምዝጋብ ስሞም ክኸልዑ እንከለው ሰርጆ ራሞስ ድማ ብቐይሕ ካርድ ብምብራር ኣብ ታሪኽ ጸሊም ነጥቢ ኣቐሚጡ። ኣብቲ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ግጥም ኤል ክላሲኮ ብቐይሕ ካርድ ካብ ሜዳ ዝተባረረ ራሞስ፡ እታ ኢጋጣሚ መበል 19 ቀያሕ ካርድ ኮይና ተመዝጊባትሉ ኣላ።




## ቅንጥብጣብ

= ፈደረሽን ቅድድም ብሽክሊታ ዞባ ማእከል ብምሽንያት መዳለዊ ንዘዋሪት ዋንጫ ውድድር ሰሪዑ ኣሎ። ትማሊ ሰንበት ኣብ ከባቢ ሞኖፖልዩ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ቀዳማይ ዲቪዥን፡ ክብሮም መሓሪ ካብ ዞባ ደቡብ፡ ኣኽሊሉ ገብርሂወት ካብ ሰምበል፡ ኣድሓኖም ዘሚካኤል ካብ ኤሪትል፡ ዳዊት ሃይለ ካብ ሰምበል፡ ሰለሙን ሃብተ ካብ ኣስቤኮ፡ የሃና ተስፋይ ካብ ኤሪትል፡ ኣማኑኤል መንግስ ካብ ኤሪትል፡ ሚኪኤል ሃብቶም ካብ ሰምበል፡ ተስፋኣለም ኣብርሃ ካብ ሰምበል ከምኡ ድማ መርሃዊ ጎይትኦም ካብ ኤሪትል ዕውታት ኮይኖም። እዞም ተቐዳደምቲ 90 ኪሎሜተር ክሽፍኑ እንከለው፡ ንሰዓት ድማ 40.18 ኪሎ ሜተር እናተጓዕዙ ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ በጺሖም። ኣብ ውድድር ካልኣይ ዲቪዥን፡ የሃንስ ተስፋይ - ኤሪትል፡ ኣስገዶም ደበሳይ ካብ ሰምበል ከምኡ ድማ ኤርምያስ ኣፈወርቂ ቀዳሞት ሰለስተ ኮይኖም።

= ኣብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮን ስሊግ ኤውሮጳ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝበጽሓ ባየር ሙኒክ ብማሕበር ኵዕሶ እግሪ ኤውሮጳ መቕጻዕቲ ተበይኑላ። እታ ሻምፕዮን ኤውሮጳ፡ ኣብ ዝሓለፈ ጸወታ ኣንጻር ኣርሰናል ደገፍታ ክልኩል ዝኾነ ባነር ሒዞም ናብ ስታድዩም ብምእታዎም እዮም፡ ኣብቲ ዝስዕብ ግጥም፡ ንሓደ ትሪቡናኣ ክትዓጹ በቲ ማሕበር ዝተበየነላ። ብዘይካ'ዚ እታ ጋንታ 10,000 ዩሮ እውን ክትቕጻዕ እያ። ባየር ሙኒክ ንኣርሰናል ብድምር ውጽኢት 3ብ1 ብምርታዕ እያ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ርብዒ ፍጻመ ክትዘልል ዝኸኣለት።

= ኣሰልጣኒ ማን ዩናይትድ - ደቪድ ሞየስ፡ ሰባት ንያን ማታ በቲ ዝወጸሉ መጠን ገንዘብ ክትምንዎ ከምዘይብሎም ኣተሓሳሲቡ። ወዲ 25 ዓመት ማታ ኣብ ወርሒ ጥሪ ካብ ቸልሲ ናብ ማን ዩናይትድ ዝተሰጋገረ ኮይኑ ኣስታት 37 ሚልዮን ፓውንድ ድማ ወጺኢታት ተገይሩሉ። ናብታ ሓዳስ ጋንታ እግሩ ካብ ዘንበር ሸሞንተ ጸወታታት ጥራይ ኣካይዱ ዘሎ ማታ፡ ዘርእዮ ዘሎ ብቕዓት ምስቲ ዝወጸሉ መጠን ገንዘብ ብምንጽጻር ምትሓቱ ይግምገም። እዚ ዘረባ ድማ ንሞየስ ከምዘይዋሕጠሉ እዩ ኣረዲኡ። "እዚ ተጻዋታይ ገና ብቕዓቱ ብዝግባእ ክንመዝኖ እኹል ጸወታታት ኣየሰለፍናዮን። እቲ ዝምዝለኑ እዋን ገና እዩ" ክብል ድማ እቲ ኣሰልጣኒ ተዛሪቡ።

= ሎሚ ምሸት ካብ ዝካየዱ ጸወታታት ማን ዩናይትድ ኣብ ሜዳኣ ምስ ናይ ቀረባ መቐናቕንታ ዝህልዋ ግጥም ልዑል ግምት ይወሃቦ። ኣብዚ ዓመት'ዚ ዘይቀደዋ ማን ዩናይትድ ኣብ ዓዘቕቲ ትርከብ። እንተኾነ ኣብዚ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ጸወታታት ሰለስተ ዓወታት ብምምዝጋባ ኣብዚ ናይ ሎሚ ምሸት ጸወታ ክሳዓ ኣቐኒዓ ክትኣቱ እያ። ብመንጽሩ ካብ ብጺታ ብሰለስተ ጸወታታት ድሒራ እትርከብ ሲቲ፡ ብመራሒት ቸልሲ ንዝተነጽፉ ናይ ሽዱሽተ ነጥቢ ኩተጽብብ እዚ ግጥም እዚ ከገድሳ እዩ። ኣብ ግጥም ቀዳማይ ዙርያ 4ብ1 ዝተሳዕረት ዩናይትድ ሎሚ ኣብ ሜዳኣ ነዚ ታሪኽ ካልእ መኣዝን ንምትሓዝ ዝከኣላ ክትገብር እያ። ሮቢን ቫን ፐርሲ ኣብዚ ግጥም ኣይክህሉን እዩ። ብኣንጻሩ ቪዲች ናብ ጸወታ ክምለስ ልዑል ትጽቢት ይግበረሉ። ብተመሳሳሊ ቫለንሲያ እውን ትሑት ናይ ምስላፍ ተኽእሎ ተዋሂብዎ ኣሎ። ብመንጽሩ፡ ኣገየሮን ናስታሲክን ኣብዚ ግጥም ኣይክህልውን እዮም። ኮምፓኒ ግን መቕጻዕቱ ወዲኡ ክስለፍ ምኽኑ ጸብጻባት የረድኡ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ**

ኣርሰናል - ስዋንሲ 10:45
ማን ዩናይትድ - ማን ሲቲ 10:45
ኒውካስል - ኤቨርተን 10:45

ብርሃነ ምሕረትኣብ

# ሶርያ ኣብ ልዕሊ ቱርኪ ሕነ ከምእትፈዲ ተጠንቀቐ

ቱርኪ ንሓንቲ ነፋሪት ኩናት ሶርያ ወቒዓ ድሕሪ ምውዳቓ፡ ሶርያ ሕነ ከምእትፈዲ ኣጠንቂቓ። መንግስቲ ሶርያ ኣብ ዘዘርገሖ መግለጺ፡ ብቱርኪ ንዝተወሰደ ስጉምቲ “ርኡይ ተጻብኦ'ዩ” ብምባል፡ እታ ዝተሃርመት ነፋሪት ኩናት ናብ ክሊ ኣየር ቱርኪ ከምዘይኣተወት ገሊጹ። ቱርኪ ብቐጻሊ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ተጻብኦ ከምእትገብርን ናይ ተግባራታ ከቢድ ዋጋ ከምእትኸፍሎን ድማ ኣጠንቂቑ።

እታ ብሰንበት ዝተሃርመት ነፋሪት ውግእ ሶርያ ንክሊ ኣየር ቱርኪ ምስጠሓሰት ብሓይልታት ጸረ- ነፈርቲ'ታ ሃገር ተወቒዓ ከምዝተሓምሸሸት ቀዳማይ ሚኒስተር ቱርኪ ረሲብ ጣይብ ኤርዶጋን ኣፍሊጡ። ንሱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ንኸምዚ ዓይነት ምጥሓስ ልኡላውነት፡ ዜሮ ተጻዋርነት ከምዘለዋ ኣፍሊጡ። ኣብ ቀጻሊ'ውን ተመሳሳሊ ምጥሓስ እንተጋጢሙ፡ ሃገሩ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ከምዘይትቈጠብ ኣስሚሩሉ።

ስብርባር ናይታ ሚግ ዝዓይነታ ነፋሪት ኩናት ኣብ ወሽጢ ሶርያ ክርከብ እንከሎ፡ ኣብራሪኣ ግን ብህይወት ክወጽእ ከምዝኸኣለ ካብ ሶርያ ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ። እታ ነፋሪት ንተቓወምቲ ሓይልታት ሶርያ ተጥቅዕ ከምዝነበረትን ኣብ ልዕሊ ቱርኪ ዝኾነ ተጻብኦ ከምዘይገበረትን ምንጮታት ሶርያ ገሊጾም።

ቱርክን ሶርያን ወትሩ ኣብ ዘይምቅዳው ከምዝርከባ ይፍለጥ። ኣብ ሶርያ ንሰለስተ ዓመት ብዘቐጸለ ውግእ ልዕሊ 100 ሽሕ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ብውሕዱ 6.5 ሚልዮን ካብ መንበሮኦም ከምእተመዛበሉ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት የመልክት።




# ምስሪ ንኣማኢት ደገፍቲ ሞርሲ ንሞት ትፈርድ



ኣብ ምስሪ ኣባላት ሰልፊ እስላማዊ ሰልፊ (ኣልኣኽዋን ኣልሙስልሚን) ምዃኖም ዝተገልጹ 528 ሰባት ብቤት ፍርዲ'ታ ሃገር ንሞት ተፈሪዶም።

እዮም ደገፍቲ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ነበር መሓመድ ሞርሲ ዝኾኑ ሰባት፡ ንሓደ ኣባል ፖሊስ ብምቕታልን ኣብ ልዕሊ ንብረትን ሰብን ጉድኣት ብምውራድን'የም ገበናታት ተባሂሎም። ፍርዶም ክጸድቕ ወይ ክንጸግ ናብ ላዕለዋይ መጋኢያ ሙፍቲ ክቐርብ ከምዝድሊ'ዩ ቢቢሲ ገሊጹ። ብተወሳኺ እዮም ክሱሳት ናይ ይግባይ መሰሎም ዝተሓለወ'ዩ።

ኣብ ምስሪ ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይቲ እስላማዊ ሰልፊ ዝርከብዎም ብውሕዱ 1200 ዜጋታት'ታ ሃገር ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኮይኖም ፍርዶም ይጽበዩ ከምዘለዉ ይግለጽ።

ዝሓለፈ ሓምለ፡ መሓመድ ሞርሲ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ካብ ስልጣኑ ካብ ዝኣለ፡ ብዘሰዓበ ናዕብን ዕግርግርን ብኣማኢት ዝቑጸሩ ዜጋታት ምስሪ ክቕተሉ እንከለዉ፡ ኣሽሓት ድማ ኣብ ማሕዩር ከምዝርከቡ ይፍለጥ።

ጠበቓታት ክሱሳት፡ እቲ ኣብ ከተማ ሚንያ ኣብ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ዝተኻየደ መስርሕ ፍርዲ ካብ ንቡር ኣሰራርሓ ወጻኢ ምንባሩ'የም ዝኸሰሱ።

ኣብ ማእሰርቲ ዝርከብ መሓመድ ሞርሲ ብዮዑበረሽበራዊ ንጥፈታት ተኸሲሱ ፍርዱ ይጽበ ምህላዉ ይንገር።

ብሚኒስተር ምክልኻል ምስሪ ፊልድ ማርሻል ዓብደልፈታሕ ኣልሲሲ ዝምራሕ ወተሃደራዊ መንግስቲ ምስሪ፡ ንሰልፊ ኣልኣኽዋን ኣልሙስልሚን ግብረሽበራዊ ውድብ'ዩ ብዝብል ካብታ ሃገር ከምዝኣገዶ ተፈሊጡ።



ጓል 22 ዓመት ናኦሚ ኦኒ ግዳይ መጥቃዕቲ ኣሲድ ዝኾነት ጸላም ብሪጣንያዊት'ያ። እንዕዞቦ ዘለና ስእላ ድማ ቅድምን ድሕርን ናይቲ መጥቃዕቲ'ዩ። ናኦሚ ብጦዜአ መሓዛኣ ነበር'ያ ኣብ ወሽጢ ለንደን ተጠቒዓ። ንሳ ነቲ ዘሰቅቕ መጥቃዕቲ ብዘፈጸመት ካብቲ ቦታ ብኡ ንብኡ'ያ ተሰዊራ። እታ ግዳይ ግን ብቐልጢፉ ካብ ፖሊስ ሓገዝ ሓቲታ። እቲ ዝበርም ደንገዳም ናብቲ ቦታ ዝበጽሑ ኣባላት ፖሊስ፡ ነታ ግዳይ ኣብ ክንዲ ምሕጋዙ ኣብ ልዕሊኣ ክሲ'የም መስሪቶም። “ባዕልኺ ኢኺ ፈጺምክዮ” ኢሎሚ ትብል ንሳ። እታ ግዳይ ትሕሱ ከምዝላ ኣምሲሎም ጸብጺቦም ከምዝሕለፉ ድማ ናኦሚ ትገልጽ። “እዚ ግን ድኽመቶም'ዩ ዘጋህድ” ብምባል ትወቅስ ንሳ። ድሒሩ ብሓገዝ ናይ ጎደና ካሜራ ብዝተረጋገጸ ግን እታ ገበነኛ ተረኺባ፡ በቲ ዝፈጸመቶ ገበን ን12 ዓመት ክትእሰር ከምዝተፈረደት ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ሓቢረን።

ብፍሉይ መለለዩ ቁጽሪ ኤም ኤች 370 ትፍለጥ ነፋሪት ማሌዥያ፡ ኣብ ደቡባዊ ህንዳዊ ውቅያኖስ ከምዝወደቐት ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ናጂብ ረዛቕ ሓቢሩ። መገዲ ኣየር ማሌዥያ፡ ንነፍሲ ወከፍ ስድራ ግዳያት ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፡ እቶም ገያሾ ድሕሪ ደጊም ብህይወት ከምዘይርከቡ ምሕባሩ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ገሊጹ።

239 ሰባት ጸዒና ትብርር ዝነበረት ነፋሪት ማሌዥያ ብ8 መጋቢት ድሕሪ ምጥፋኣ ዛጊት ህጣማ ጠፊኡ ይርከብ። ይኹን'ምበር ቻይናን ኣውስትራልያን ገለ ስብርባር ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ከምዝረኸባን ብሓቂ ናይታ ነፋሪት ምዃኑ ንምርግጋጽ መርመራታት ከምዝገብራን ገሊጸን ኣለዋ።

***

ኣመሪካ ኑቲ ኣብ ጫካታት ኡጋንዳ ተሓቢኡ ከምዝሎ ዝንገረሉ መራሒ ዕጡቓት ተቓወምቲ ጆሴፍ ኮኒ ንምህዳን ነፈርቲ ከምእተዋፍር ሓቢራ። ኣመሪካ ኣብቲ ስርሒት ብውሕዱ ኣርባዕተ ሲቪ-22 ዝዓይነተን ነፈርቲን ገለ ኣባላት ኮማንዶን ከምእተሳትፍ ገሊጻ።

እቲ ኣንጻር መራሒ ጉጅለ ሎርድ ረዚስታንስ ኣርሚ ጆሴፍ ኮኒ ዝቐንዐ ስርሒት ኣብዚ ሰሙን'ዚ ክጅመር ከምዝኽእል ድማ ምንጮታት ዜና ሓቢሮም። ብገበናት ውግእ ዝኽሰስ ጆሴፍ ኮኒ ብኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ይድለ ከምዘሎ'ዩ ዝግለጽ። ኣመሪካ ኣቐዲማ ንምሓዙ ዘካየደቶ ስርሒት ከምዘይተዓወተትሉ ይፍለጥ።

***

ዩክሬን ኣብ ዞባ ክረምያ ዝርከቡ ሓይልታታ ክስሕቡ ኣዚዛ። ግዝያዊ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ኣለክሳንደር ቱርቺኖቭ፡ ኣብታ ሓውሲ ደሴት ዝርከቡ ሰራዊት ክረምያ ካብ

# ዜና ብሓጺሩ

ሓይልታት ሩሲያ ንህላውነቱን ህላውነት ስድራቤቱን ዝፈታተን ክስተት ገጢምዎ ብምህላዉ፡ ካብቲ ቦታ ክስሕብ ከምዝኣዘዘ ኣፍሊጡ። ሩሲያ ንኹሉ ኣብ ክረምያ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ከምዘእተወቶ ዩክሬን ትኸስስ። ክረምያ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ብዘካየደቶ መስርሕ ረፈረንደም ካብ ዩክሬን ተፈልያ፡ ምስ ሩሲያ ክትጽንበር ከምእትደሊ ምውሳና ይጥቀስ።

***

# ቻይና ብኣመሪካ ከምእተሰለየት ትኸስስ

ቻይና መራኸቢ ቴክኖሎጂ'ታ ሃገር ኣብ ትሕቲ ስለያ ኣመሪካ ከምዝወደቐ ገሊጻ። ኩባንያ ሓደ ካብ ዕላማታቱ ኣብ መንጎ ኩባንያ ሁወይን ሰራዊት ቻይናን ርክብ እንተልዩ ንምፍላጥ'ዩ።




መራኸቢታት ቻይና-ሁወይ፡ ማእከል መራኸቢታቱ ብኣመሪካ ይስለ ከምዝሎ ዘመልክት መርትዖታት ከምዝረኸበን እዚ ተግባራት ኣነዋሪ ምዃኑን ኣፍሊጡ።

ኣመሪካ ስለምንታይ ኑቲ ተግባራት ትፍጽሞ ከምዘላ መግለጺ ክወሃባ ቻይና ወግዓዊ ሕቶ ኣቕሪባ ከምዘላ'ዩ ኒው ዮርክ ታይምስ ዝሕብር።

እቲ ቻይና ዘቕረበቶ መርትዖ ብኤድዋርድ ስኖውደን ኣብ ዝተዘርገሐ ሰነዳት ዝተመርኮሰ ክኸውን ከምዝኽእል ሓበሬታ ኒውዮርክ ታይምስ የመልክት።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ኣመሪካ ተካይዶ ዘላ ስለያዊ ንጥፈታት፡ ኣመሪካ፡ እቲ ቻይናዊ ኩባንያ ንሓያሎ ሃገራት መራኸቢታት ቴክኖሎጂ ዘቕርብ ብምዃኑ፡ ብመገዲ'ቲ መሳርሒ ኣቢሉ ስለያዊ ሓበሬታ ዘእኩብ እንተኾይኑ ንምፍላጥ ትጽዕር ምህላዋ እቲ ሓበሬታ የነጽር።

ኣብ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ዝሰርሕ ዝነበረ ክኢላ ኤድዋርድ ስኖውደን፡ ሓያሎ ዲጂታላዊ ምስጢራዊ ሰነዳት ሒዙ ድሕሪ ምስዋሩ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃገራት ንእተካይዶ ስለያዊ ተግባራት ከምዝቐሽሐ ይፍለጥ። ይኹን'ምበር ኣመሪካ ብወገና መራኸቢታት ተክኖሎጂታታ ብቻይና ከምዝስለ'ያ ወትሩ ትኸስስ።



| በዓል ተራ ቤት መድሃኒት፦ | ዕለት | ኣድራሻ | ቊ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤ/መ/መድሃኒት ራህዋ | 25/03/2014 | ጐደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት ማዕከድ ዝ ጥኑዳ ጥልያን | 119802 |
| ፋርማሲ ቊ.1 ብዘይካቲ መዓልታዊ እትህቦ ኣገልግሎት ምሉእ ለይቲውን ክፍትቲ ኢያ። | | ኣድራሻ፡ ዞባ 1 ንኡስ ዞባ 02 ጐ. ናቕፋ ቊ.1 | 127565 |